
# ” <u>ቅኑዕ ኣታሓሕዛ ግርጭታት ኣብ መንጎ ህዝቢ ናይ 1975።</u> “

## <u>1ይ ክፋል።</u>

ህዝባዊ ግንባር “ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ” ኣብ ዝበሃለሉ ዝነበረ እዋን ማለት ኣብ **<u>ታሕሳስ 1975</u>** ነታ ብመራሒ ሰውራ ቻይና ተቓላሳይ ማው-ጸ-ቱንግ ዝተጻሕፈት ጽሕፍቲ ብዛዕባ “ ቅኑዕ ኣታሓሕዛ ግርጭታት ኣብ መንጎ ህዝቢ” እትብል ብቋንቋ ትግርኛ ተርጒሙ ምስ ኩነታት ህዝቢ ኤርትራ ኣዛሚዱ ኣብ ተግባር ንምውዓላ ይሰርሓላ ከም ዝነበረ እዛ ጽሕፍቲ ትነግረና። ህዝባዊ ሓይልታት ሳላ ከምኡ ዝገበረ ህዝቢ ካብ ነንሕድሕዱ ብነገራት ምውጣጥ ተጠርኒፉ ሓደ ኣካል ብምዃን ኣብ ጎድኒ ስውራ ደው ዝበለ። እንሆ ሙሉእ ትሕዝቶኣ።



# ም ል ከ ታ

እዚ ጽሑፍ እዚ ንተጋደልቲ ብሓፈሻኡ ሰውራዊ ፍልጠትና ብዚ ዓመቕ ንምስፋሕን፡ ዘጋጥሙና ንዘለውን ብሕጂ ብዚለዓሉ ንዘጋጥሙናን ጭቡጣት ፖለቲካዊ ሕቶታት ድማ፡ ነቲ ቀኑዕ ማርክሳዊ—ሌኒናዊ ክልሰ—ሓሳብን ሕሉፍ ሰውራዊ ተመክሮን ፈሊጥና፡ ምስቲ ፍሉይ ኩነታት ሰውራና ኣዛሚድና ብዚቕንዐ ንምፍታሕ ኪሕግዘና ብምባል ዚተተርጐመ ኢዩ፡፡

እዚ ንመጀመርታ ዚገበር ዘሎ ትርጉም ብምዃኑ፡ ገና ዚተማጻረየ መልክዑ ዘይሓዘ፡ ምስ ጕዕዞ ምዕባለና እና ተመሓየሸ ኪኸይድ ዚኽእል ትርጉም እዩ፡፡ ስለ እዚ ዝኾነ ብጻይ /ብጸይቲ/ ኣንባቢ/ ዝኾነ ናይ ኣተረጓጕማ ጌጋታት፡ ለውጥታት ወይ ምምሕያሻት ንክፍሊ ዜና ህ.ሓ.ሓ.ኤ. ንኽመልከት ንማሕጸን፡፡

ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት
ኤ ር ት ራ

ታሕሳስ 1975

# ቅኑዕ ኣተሓሕዛ ገርጫታት ኣብ መንጎ ህዝቢ

ለካቲት 27 1957

ሓፈሻዊ ኣርእስትና፡ ቅኑዕ ኣተሓሕዛ ናይ ገርጫታት ኣብ መንጎ ህዝቢ ኢዩ። መታን ከጥዕመና፡ ኣብ 12 ክፍሊ—ኣርእስታታት መቒልና ንከታዓሉ። ሽሕ እኳ ኣብ መንጎናን ጸላኢናን ንዘሎ ገርጪት ክንጠቕስ እንተኸና፡ እዚ ጽሑፍ እዚ ብሕልፊ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዝርከቡ ገርጫታት ከተኩር እዩ።

## ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገርጫታት

ቅድሚ ሕጂ፡ ሃገርና ክምዚ ሎሚ ብሚራቶ ዘላ ብሚራ ኣይትፈልጥን እያ። ዓወታት ናይቲ ብርጁዋ—ዲሞክራሲያዊ ሰውራን ኣብ ማሕበርነታዊ ሰውራን፡ ኣብ ማሕበርነታዊ ምህናጽ ዝተጐናጸፍናዮም ዓወታትን፡ ንገጽ ናይ ኣረጊት ቺና ቀልጢፉ ቀዪሩ። ገና እውን ንሃገርና ዝበርህ እዋን ኣብ ቅድሚኣ ኣሎ። እቲ ብህዝቢ ዝጸላእ ዝነበረ መዓልትታት ናይ ሃገራዊ ዘይምስማርን ሕንትኽትኽን ሓሊፉ እዩ፤ ፈጺሙ ክኣ ኣይምለስን እዩ። ብደርቢ ሰራሕተኛታት ዲባዊ ሰልፍን ተመሪሖም፡ 6 ሚልዮን ህዝብና፡ ከም ሓደ ኣካል ኮይናም፡ ኣብቲ ዓቢ ዕማም ናይ ምህናጽ ማሕበርነት ተሰሊፎም ይርከቡ። ሓድነት ናይ ሃገርናን፡ ሓድነት ናይ ህዝብናን፡ ሓድነት ናይ ዝተፈላለዩ ብሄራትናን—እዚኣቶም እዮም እቶም መሰረታዊ ውሕስነታት ናይቲ ርጉጽ ዓወት ናይ መንቀሲና። ገና ኰ፡ እዚ ብሕጂ ኣብ ሃገርና ገርጫታት ኣይከህልውን እዮም ማለት ኣይኮነን። ዋላ ሓንቲ ዩሉን ኢልካ ምግማት ዕሽነት እዩ፤ ከምኡ ምብሃል ካብ ውዱዓዊ ክውንነት ምፍላይ ኢዩ። ኣብ ቅድሚና ክልተ ዓይነታት ናይ ማሕበራዊ ገርጫታት ኣለዉ— እቶም ኣብ መንጎናን ጸላእትን ዘለዉን፡ እቶም ኣብ መንጎ ህዝቢ ንንሓድሕድና ዘለዉን። እዞም ክልተ ብባህርኦም ፈጺሞም ዝተፈላለዩ ኢዮም።

ነዞም ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገርጪት ብቕኑዕ ንኽንርዳእ፡ መጀመርያ "እቲ ህዝቢ" ከበሃል ከሎ እንታይ ማለት

ምኳኑን፡ እቲ ጸላኢ ከበሃል ከሎ እንታይ ማለት ምኳኑን በሪሁ
ከረኣዩና ኣለዎ፡፡ ኣምር ናይ "እቲ ህዝቢ"፡ ኣብ ዚተፈላለ
ያ ሃገራትን፡ ኣብ ዚተፈላለዩ ዘመናት ታሪኽ ናይ ሓንቲ ሃገር
ን ብትሕዝቶኡ ይፍለ፡፡ ንኣብነት ሃገርና ንውሰዱ፡፡ ኣብ
ግዜ እቲ ውግእ ናይ ተቓውሞ ኣንጻር ጃፓን፡ ኲሎም እቶም ገና
ይ ጃፓን ወራር ዝተቓወሙ ደርብታትን ማሕበራውን ጉጅለታትን፡
ኣብቲ ከፍሊ ናይቲ ህዝቢ ዚነበሩ፡፡ እቶም ሃጸያውያን ጃፓናው
ያንን ከዳዓት ቿናውያንን፡ ንጃፓን ዚድግፉ ዚነበሩ በእታታትን
ዶማ ጸላእቲ ናይቲ ህዝቢ ነበሩ፡፡ ኣብ እዋን እቲ ናይ ሓርነት
ውግእ፡ ሃጸያውያን ኣመሪካውያንን ኲራኲርምን—እቶም ቢሮክራስያ
ውያን—ርእስማላውያንን፡ እቶም መሰፍንቲን፡ ነዞም ከልተ ደርብ
ታት ዚውክሉ ኣዴሓርሓርቲ ኲዋሚንታንግውያንን—ጸላእቲ ህዝቢ
ነበሩ፣ ነዞም ጸላእቲ እዚኦም ዝተቓወምዎም ደርብታትን ማሕበራ
ዊ ጉጅለታትን ዶማ፡ ኣብቲ ከፍሊ ናይቲ ህዝቢ ነበሩ፡፡ ኣብዚ
ሕጂ ዘለናዮ ደረጃ፡ ማለት ግዜ ናይ ማሕበርነት ምህናጽ፡ ንናይ
ማሕበርነት ምህናጽ ዕላማን ዚደልዩን ዚድግፉን ዚደኽምሉን ደርብ
ታትን ማሕበራዊ ጉጅለታትን፡ ኲሎም ኣብቲ ከፍሊ ናይቲ ህዝቢ
ይመጹ፣ እቶም ንማሕበርነታዊ ሰውራ ዚጻረሩን፡ ንምህናጽ ናይ ማ
ሕበርነት ተጻበእቲ ዚኾኑ ወይ ዝሕንኩሉን ማሕበራዊ ሓይልታትን
ጉጅለታትን ዶማ ጸላእቲ ህዝቢ እዮም፡፡

ኣብ መነጎናን ኣብ መንጎ ጸላእን ዘለው ገርጭታት ተጻረ
ርቲ ገርጭታት እዮም፡፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ ኣብ ሰራሕተኛታት
ህዝቢ ኣብ ነንሕድሕደም ዘለው ገርጭታት ዘይ ተጻረርቲ ገርጭታት
እዮም፣ እቶም ኣብ መንጎ ተመዝመዝቲ ደርብታትን መዝመዝቲ ደርብ
ታትን ዘለውን ግን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ተጻራሪ ተምበል፡ ዘይተጻራ
ሪ ተምበል እውን ኣለዎም፡፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ገርጭታት ኲሉ
ግዜ ነይሮም እዮም፣ ግናኸ ትሕዝቶኦም ኣብ ነፍስ—ወከፍ እዋን
ናይቲ ሰውራን፡ ኣብቲ እዋን ምህናጽ ማሕበርነትን ዚተፈላለየ
እዩ፡፡ ኣብቲ ኣብ ቿና ዘሎ ህሉው ኲነታት፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ
ዘለው ገርጭታት እዞም ዚስዕቡ እዮም፡— ኣብ ውሽጢ ደርቢ ሰራ
ሕተኛታት ዘለው ገርጭታት፣ ኣብ ውሽጢ ገባር ዘለው ገርጭታት፣
ኣብ መንጎ ምሁራት ዘለው ገርጭታት፣ ኣብ መንጎ ደርቢ ሰራሕተ

ኛን ገባርን ዘለው ገርጭታት፣ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ገባርን ብሓደ ወገን፡ እቶም ምሁራት ድማ በቲ ሓደ ዘለው ገርጭታት፣ ደርቢ ሰራሕተኛታትን ካልኦት ክፍልታት ናይ ሰራሕተኛ ህዝብን ምስ ሃገራዊ ብርጁዋ ዘለዎም ገርጭታት፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ሃገራዊ ብርጁዋ ዘለው ገርጭታት፡፡...ወዘተ፡፡ ህዝባዊ መንግስትና ብሓቂ፡ ሓንቲ ንረብሓ ህዝቢ እትውክል፡ ንህዝቢ እተገልግል መንግስቲ እያ፡፡ እንተኾነ ግዳ፡ ገና ኣብ መንጎ መንግስትን ህዝብን ገለ ገርጭታት ኣለው፡፡ ገለ ካብዞም ገርጭታት እዚኣቶም፡ ኣብ መንጎ እቲ ረብሓታት ናይቲ መንግስቲ ዘለው ገርጭታት፣ ኣብ መንጎ ናይ ሓባር ረብሓን ውልቓዊ ረብሓን ዘለው ገርጭታት፣ ኣብ መንጎ ዲሞክራስን ማእከልነትን ዘለው ገርጭታት፣ ኣብ መንጎ መራሕነትን ተመራሕትን ዘለው ገርጭታት፣ ካብቲ ቢሮክራሲያዊ ኣገባብ ናይ ስራሕ ናይ ገለ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ምስ ህዝቢ ኣብ ዝዘ መደሉ ግዜ ዘጋንፉ ገርጭታት ኢዮም፡፡ ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ናይ እቲ ህዝቢ መሰረታዊ ሓድነት ናይ ረብሓታት ነቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘርክብ ገርጭታት መሰረት ይኾና፡፡

ኣብ ሃገርና፡ ኣብ መንጎ ደርቢ ሰራሕተኛን ሃገራዊ ብርጁዋን ዘለው ገርጭታት፡ ካብቲ ክፍሊ ናይ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘለው ገርጭታት ኢዮም፡፡ ብሓፈሻኡ፡ እቲ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ዘሎ ደርባዊ ቃልሲ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ ዘሎ ደርባዊ ቃልሲ እዩ፡ ምኽንያቱ ድማ፡ ናይ ቺና ሃገራዊ ብርጁዋ ክልተ ጠባይ ስለ ዘለዎ እዩ፡፡ ኣብ ግዜ ናይቲ ብርጁዋ—ዲሞክራስያዊ ሰውራ ንጠባዩ ሰውራውን ኣታዓራቅነታውን ጎዶኒ ነበር፡፡ ኣብ ግዜ እቲ ማሕበርነታዊ ሰውራ ድማ፡ እቲ ሓደ ወገን ናይ ጠባዩ ንደርቢ ሰራሕተኛ መዝሚዝካ ምክሰብ ምእካብ ኪከውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ወገን ድማ፡ ነቲ ቅዋም መንግስቲ ምድጋፍን፡ ንማሕበርነታዊ ምቅያር ምቅባል ፍቓደኛነቱን እዩ፡፡

ሃገራዊ ብርጁዋ፡ ካብ ሃጸያውያንን መስፍንቲን፡ ቢሮክራትር /ብማሳውያንን ዝተፈልየ ኢዩ፡፡ ኣብ መንጎ ሃገራዊ ብርጁዋን ደርቢ ሰራሕተኛታትን ዘሎ ገርጭት፡ ሓደ ናይ መዝማዝን ተመዝማዝን ገርጭት እዩ፣ ብባህሪኡ ድማ ተጻራሪ ገርጭት እዩ፡፡ ግናኸ፡ ኣብ ኣዚ ጭቡጥ ኩነታት ቺና፡ እዚ ተጻራሪ ደርባዊ ገርጭት እዚ፡ ብግቡእ እንተደኣ ተታሒዙ፡ ናብ ሓደ ዘይተጻራሪ ገርጭት ክልወጥን ብሰላማዊ መንገዲታት ኪፍታሕ ይከኣል እዩ፡፡ ግናኸ ነዚ

ገርጭት እዚ ብገቡእ እንተ ዘይሒዝናዮን፡ እቲ ሜላ ናይ ምስ ሃገራዊ ብርጁዋ ምስማርን ምንቃፍን ምምሃርን እንተዘይ ተኸተልናዮን፡ ወይከኣ እቲ ሃገራዊ ብርጁዋ ነቲ ሜላና እንተዘይተቐቢሉዎ፡ እቲ ገርጭት ናብ ናይ ኣብ መንጎ ህዝብናን ጸላእን ዝርከብ ገርጭት ክቕየር ይኽእል እዩ።።

ብባህሪኦም ዚተፈላለዩ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ጸላእን ዘሎ ገርጭታትን፤ ኣብ መንጎ ህዝቢ ነንሕድሕዶም ዘሎ ገርጭትታትን ብዝተፈለየ ኣገባብ ኪፍትሑ ኣለዎም።። ብሓጺሩ፡ ብዛዕባ እቶም ቀዳሞት እቲ ዘዱሊ፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ጸላኢን ንጹር ምፍልላይ ምግባር እዩ፤ ብዛዕባ እቶም ዳሕሮዎት ከኣ፡ እቲ ዘዱሊ፡ ኣብ መንጎ ቅኑዕን ጌጋን ንጹር ምፍልላይ ምግባር እዩ።። እቲ ኣብ መንጎናን ጸላኢን ዘሎ ፍልልይ እውን፡ ናይ ገዱን፡ ሓደ ናይ ቅኑዕን ጌጋን ነገር እዩ።። ንኣብነት እቲ ሕቶ ናይ መን ኣብ ቅኑዕ ከም ዘሎ፤ ማለት ንሕናዶ ወይስ እቶም ናይ ውሽጥን ወጻእን ኣዱሓርሓርትን፡ ሃጸያውያንን፡ መስፍንትን፡ ቢሮክራት—ር ማሳውያንን እውን፡ ሓደ ናይ ቅኑዕን ጌጋን ሕቶ እዩ።። ግናኸ፡ ከብቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘሎ ናይ ቅኑዕን ጌጋን ሕቶታት፡ ኣብ ዚተፈልዩ ክፍሊ እዩ ዝርከብ።።

መንግስትና ኣብ ናይ ሰራሕተኛን ገባርን ታሕ—ኪዳን ዚመርኰሰ፡ ብደርቢ ሰራሕተኛ ዝምራሕ ምልኪ ህዝባዊ ዲሞክራሲ እዩ።። እዚ ምልኪ እዚ ንምንታይ እዩ? እቲ ቀዳማይ ስርሑ፡ ንኣድሓርሓርቲ ደርብታትን ባእታታትን ንማሕበርነታዊ በውራ ዚጻረሩ ኣብ ሃገርና ዘለው መዘመዝትን፡ ነቶም ንማሕበርነታዊ ምናጁን ከዕንው ዚህቕኑ ንምጽቃጥ፤ ወይኸኣ፡ ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ነቲ ኣብ መንጎናን ጸላኢን ዘሎ ውሽጣዊ ገርጭታት ንምፍታሕ እዩ።። ንኣብነት፡ ንገለ ጸረ—በውራውያን ምእሳርን ምምርማርን ምፍራዱን፡ ንመስፍንትን ቢሮክራት—ር /በማሳውያንን ንሓደ ውሱን ግዜ ናይ ምምራጽ መሰል ንጻንት ናይ ምዝራብን ምክሳንን ኩሉ እዚ ኣብቲ ዓንኬል ናይቲ ምልኪ ይመጽእ።። ህዝባዊ ጸጥታ ምሕላውን፡ ንረብሓ ናይ ህዝቢ ምክልካልን፡ ኣብ ልዕሊ መጨፍጨፍትን፡ መታለልትን፡ ቀሪት ሰብ ብፍላይ ዘበላሽውን፡ ቀተልትን ገበነኛታት ጉጅለታትን፡ ካልኦት ንህዝባዊ ጸጥታ ብዘስገእ ዚዘርጉ ጸዩቀትታትን ምልኪ ክንጥቀም ኣዱላዩ እዩ።። እቲ ካልኣይ ስራሕ ናይ እዚ ምልኪ እዚ፡ ንሃገርና፡ ካብ ናይ ምዕናው ተንኰል፡

ካብ ናይ ወጻኢ ጸላእቲ ኪመጽእ ዚኽእል ወራር ንምክልኻል
ኢዩ:: እዚ ምስ ዘመጽእ: ንኣብ መንጎናን ጸላኢትናን ዘሎ
ጎዳማዊ ገርጭት ምፍታሕ: ዕማም ናይ እዚ ምልኪ እዚ ይኸው
ን:: ዕላማ ናይ እዚ ምልኪ እዚ: ህዝብና ኣብ ሰላማዊ ስራሕ
ኣዱሂቡ ንሃገርና ናብ ሓንቲ ዘበናዊ ኢንዱስትሪያን ሕርሻን በ
ህልን ዘለዋ ማሕበርነታዊት ሃገር ምእንተ ኪሃንጻ: ንህዝብና
ብምሉእ ንምኽልኻል እዩ:: መን እዩ ነዚ ምልኪ እዚ ዚጥቀ
መሉ? ናይ ገዱን ደርቢ ሰራሕተኛታትን ኩሉ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ
መሪሕነትን:: ምልኪ ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ እትጥቀመሉ ኣይኮ
ነን:: እቲ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ገዛእ ርእሱ ምልኪ ኪጥቀም ኣ
ይኽእልን እዩ፣ ሓደ ክፍሊ ናይ እቲ ህዝቡ እውን ንኻልእ ክ
ፍሊ ኪጸቅጠ ኣይግባእን:: ኣብ መንጎ ህዝቡ ሕጊ ዘፍርሱ በ
እታታት ብሕጊ ኪቐጽዑ እዮም: እዚ ግን ካብቲ ንጸላእቲ ንም
ጽቃጥ ዚግበር ምልኪ ብመትከል ዚተፈላለየ እዩ:: ኣብ ውሽጢ
ህዝቢ ዲሞክራስያዊ ማእከልነት ኢና እንጥቀም:: ኩሉም ዜጋታ
ት ናይ ህዝባዊት ረፓብሊካዊት ቺና መሰል ናይ ምዝራብን: ም
ጽሓፍን ኣኼባ ምግባርን ማሕበራት ምቛምን ዑደት ምግባርን ስ
ላማዊ ሰልፊ ምግባርን ሃይማኖታዊ ናጽነትን ከምዘለዎም ኣብ
ቅዋምና ሰፊሩ ኣሎ:: ኣብ ርእሲኡ እውን ቅዋምና: ኣካላት
ናይ መንግስቲ ዲሞክራስያዊ ማእከልነት ኪጥቀሙን: ኣብ ሓፋ
ሽ ኪመርኮሱን: ንህዝቢ ከገልግሉን ከምዘለዎም ይገልጽ::
ናትና ማሕበርነታዊ ዲሞክራሲ: ዲሞክራሲ በቲ ዚሰፍሐ ኣጠቓ
ቕምኡ እዩ፣ ኣብ ዋላ ሓንቲ ር-ማሊዊት ሃገር ዶማ ኣይርከ
ብን:: ምልክና ኣብ ቃል—ኪዳን ሰራሕተኛታትን ገባርን ተመር
ኩሑ: ብደርቢ ሰራሕተኛታት ዚምራሕ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምል
ኪ እዩ:: ማለት: ዲሞክራሲ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ይሰርሕ፣ ደር
ቢ ሰራሕተኛታት ዶማ: ምስቶም ካልኦት ናይ ሲፍል መሰላት
ዚሕለወሎም: ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ከኣ ምስቶም ገባር ብማሕበር
ኣብ ልዕሊ ኣዱሓርሓሪቲ ደርብታትን ባእታታትን: ኣብ ልዕሊ
እቶም ማሕበርነታዊ ምልዋጥ ዚቃወሙን: ንማሕበርነታዊ ምህናጽ
ዚጻረሩን ምልኩ የጽንከር:: ፖለቲካዊ ኣረኣእያ: ናይ ሲቪል
መሰላት ከንብል እንኽሉና: ናይ ናጽነትን ዲሞክራስን መሰላት
ማለትና እዩ::

ገናኸ: እዚ ናጽነት እዚ ናጽነት ምስ መሪሕነት: እ
ዚ ዲሞክራሲ እዚ ዶማ ዲሞክራሲ ምስ ማእከልነት ማለት እዩ፣
ፋሉልነት ኣይኮነን:: ፋሉልነት ምስ ረብሓታት ወይ ዱሌታት
ናይቲ ህዝቢ ዚሰማማዕ ኣይኮነን::

ገለ ሰባት ኣብ ሃገርና፡ ቦቲ ኣብ ሁንጋሪ ዚተፈጸመ
ፍጻሜታት ተሓጉሶም ነበሩ። ገሊ ከምኡ ዚመስል ኣብ ቺና ከ
ጊንፍ፡ ኣሸሓት ኣብ ልዕሊ ኣሸሓት ህዝቢ ኣንጻር ህዝባዊ መ
ንግስቲ ሰላማዊ ሰልፊ ኪገብር ብዙሕ ተስፋ ገበሩ። ትምኒቶ
ም ምስ ረብሓ ህዝቢ ዚጻረር ስለ ዚነበረ ድማ ደገፍ ህዝቢ
ኪረክቡ ኣይከኣሉን። ብናይ ውሽጥን ወጻእን ጸረ—ሰውራውያን
ተዓሸሸዩ ሓደ ክፍሊ ናይቲ ህዝቢ ኣብ ሁንጋሪ ኣንጻር ህዝባ
ዊ መንግስቲ ሓይሉ ተጠቒምካ ክሰብ ምዝባጥ ተጋገዩ። ብናይ
እዚ ሰዕቢን ድማ እቲ መንግስትን ህዝብን ተሰቀየ። ብናይ
ቁሩብ ሰሙናት ዕገርገር ኣብ ናይቲ ሃገር ኢኮኖሚ ዘወረደ ዕ
ንወት ናይ ገዱን ንኪዕረ ሓደ ነዊሕ ግዜ ኪወስዶ እዩ። ኣ
ብ ሃገርና ናይ እቲ ኣብ ዓለም ዚነበረ ርጉጽ ኩናት ናይ ጉ
ዳያት ቀሰ ሓንቲ ዘይፈልጡ ብምንባሮም ኣብቲ ናይ ሁንጋሪ ፍ
ጻሜታት ሕቶ ዚተቀሰወሉ ክልኦት ሰባት ኔሮም። ኣብ ህዝባዊ
ዲሞክራሲና ኣዝዩ ውሱን ናጽነት ኣብ ናይ ምዕራባውያን ናይ
ባይቶ ዲሞክራሲ ድማ ዚያዳ ናጽነት ዘሎ ይመስሎም። ከምቲ
ኣብ ምዕራብ ዘሎ ይመስሎም። ከምቲ ኣብ ምዕራብ ዘሎ፡ ናይ
ክልተ ሰልፍታት ስርዓት ኪህሉ ይሓቱ፣ ማለት እቲ ሓደ ኣብ
ቤት ጽሕፈት እቲ ሓደ ድማ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ፡ ገናኸ፡
እዚ ክልተ ሰልፊ ዚበሃል ስርዓት፡ ምልኪ ብርጁቓዚ ናይ መስ
ፍጌ መሳርሒ እንተዘይኾይኑ ክልእ ኣይኮነን። ንሰራሕተኛ ህ
ዝቢ ቀሰ ሓንቲ ውሕስነት ናይ ናጽነት ኪህብ ኣይክእልን እዩ።
ብሓቂ ነገር፡ ዲሞክራሲን ናጽነትን ኣብ ረቂቕነት ዚነበረ ኣ
ይኮነን፣ ጭቡጣት ነገራት እዮም። ኣብ ሓደ ብደርባዊ ቃልቢ
ዚተመቅሰ ሕ/ሰብ እቶም መዝመዝቲ ደርብታት ነቲ ሰራሕተኛ ህ
ዝቢ ኪምዝምዙ ነጻነት እንተደኣ ሃሊዎም እቲ ሰራሕተኛ ህዝቢ
ንከይምዝመዝ ነጻነት የብሉን፣ ከምኡ እውን ንብርጁቓዚ ዲሞክ
ራሲ እንተ ሃሊዎ፡ ነቲ ደርቢ ሸቓሉን ክልእ ሰራሕተኛ ህዝብ
ን ዲሞክራሲ የብሉን። ገሊኦም ፫/ማሳውያን ሃገራት ሕጋዊ
ህሳዌ ናይ ዲሰዊ ሰልፊ ንመስረታዊ ረብሓታት ናይቲ ብርጁቓዚ
ሓደጋ ዘየምጻኣሉ እንተኾይኑ፡ ይጽመምኦ እየን፣ ከብኡ ንገ
ው ግን ምጽማም ትመስከር። እቶም ንዲሞክራስን ናጽነትን ኣ
ብ ረቂቕነቶ ዝኣምኑ፡ ንዲሞክራሲ፡ ከም መሳርሒ ዘይኾነስ ከ
ም መወዓእታ ይሕስብዎ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ዲሞክራሲ ከም መወዓእ
ታ /ዕሳማ/ ይመስል እዩ፣ ግን ብሓቂ መሳርሒ እዩ። ማርክስ

ነት፡ ዲሞክራሲ ክፍሊ ናይቲ ልዕሉ—ህንጸ ምኳኑን፡ ኣብቲ ክ
ፍሊ ናይ ፖለቲካ ከምዚኣቶን ይምህረና፡፡ እዚ ማለት ከኣ፡
ኣብቲ ናይ መወዳእታ ትንታኔ፡ እቲ ኢኮኖሚ መሰረት የገልግል፡፡
ናይ ናጽነት እውን ልክዕ ከምዚ እዩ፡፡ ክልቲኦም ዲሞክራስን
ናጽነትን፡ ፍጻሜት ዘይኮኑስ ተዘምዶኣውያን ኢዮም፤ ኣብ ፍሉ
ይ ታሪኻዊ ኩነታት ክኣ ይመጽኡን ይምዕብሉን፡፡ ኣብ ውሽጢ
እቲ ህዝቢ፡ ዲሞክራሲ ምስ ማእከልነት፡ ናጽነት ድማ ዲሲፕሊ
ን ናይ ሓዱ—ሕዱ ተዛመዱቲ እዮም፡፡ ንበቶም፡ እቶም ክልተ
ኣንጻራት ናይ ሓደ ምሉእ ኣካል፡ ተጋረጠውትን ስሙራትን ብሓ
ደ እዮም፤ ካብ ሓደ ጉዱናዊ ኣረኣእያ ተበጊስና ድማ፡ ነቲ
ሓደ ብምግናን ነቲ ሓደ ከንነጽግ የብልናን፡፡ ኣብ ውሽጢ እ
ቲ ህዝቢ፡ ናጽነት ከምኡ እውን ዲሲፕሊን፡ ዲሞክራሲ ከምው
እውን ማእከልነት ኪህሉ ናይ ግዱን እዩ፡፡ እዚ ናይ ዲሞክራ
ሲንማእከልነትን፡ ናይ ናጽነትን ዲሲፕሊንን ሓዱነት እዚ፡
ዲሞክራሲ ማእከልነትና ዲቕወም፡፡ ኣብ ትሕቲ እዚ ስርዓት እ
ዚ፡ እቲ ህዝቢ ሰፊሕ ዲሞክራስን ናጽነትን ይሀልዎ፤ ግናኸ
ኣብ ውሽጢ ደብ ናይ ማሕበርነታዊ ዲሲፕሊን ኪሕዞ ኣለዎ፡፡
ነዚ ኩሉ፡ እቲ ሰፊሕ ሰፊሽ ህዝቢ ኣጸቢቑ ተረዲእዎ ኣሎ፡፡

ናጽነት ምስ መሪሕነት፡ ዲሞክራሲ ከኣ ኣብ ትሕቲ ማ
እከልነታዊ ምእሳይ ክንብል ኩሉና፡ ስነ—ሓበበዊ ሕቶታት፡ ወ
ይ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ኣብ መንጎ ቀኑዕን ጌጋን ናይ ምፍልላይ
ሕቶታት፡ ብናይ ምግዳዱ ስጉምትታት ክረግኡ ኣለዎም ማለትና
ኣይኮነን፡፡ ኩሉ ንስነ—ሓበበዊ ሕቶታት ወይ ናይ ቀኑዕን ጌ
ጋን ሕቶታት ንምርጋእ ዚዝውተር ምምሕዳራዊ ትእዛዛት ወይ ና
ይ ምግዳዱ ስጉምትታት ፈተነታት፡ ነቲ ነገር ኣይፈትሖን ጥራ
ይ ዘይኮነስ፡ ጉዳኢ እውን እዩ፡፡ ንሃይማኖት ብምምሕዳራዊ
ኣዋጅ ወይ ንሰብ ኣብኡ ንከይ ኣምን ብምግዳዱ ከነወግዶ ኣይ
ንክእልን ኢና፡፡ ንህዝቢ ልክዕ ከምቲ ኣብ ማርክስነት ክኣም
ን ክንገዱዱ ዘይንክእል፡ ንታኣምርነት ኪገድፍ እውን ክነገዶ
ደ ኣይንክእልን ኢና፡፡ ስነ—ሓበበዊ ባህርይ ዘለዎም ሕቶታት
ወይ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዝህልው ዘተሃሳልኩ ኣርእስትታት ዚረግ
ኡ፡ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ እቲ ናይ ምክታዕ፡ ናይ ነቒፌታ፡
ናይ ምርዳእን ምምሃርን ኣገባብ ጥራይ እዩ፡፡ ብናይ ምግዳዱ
ወይ ምጽቃጥ ኣገባብ ፈጺሙ ኣይከውንን፡፡ ማእተቶምን መጽናዕ

ቶምን ብጽቡቕ ክኸየዱ ምእንቲ ኪኽእሉን፡ ናብ ርእሶም ብገቡእ ምእንቲ ከማዕርዩን እቶም ህዝቢ ንመንግስቶም ነቶም ናይ ማእቶትን ናይ ባህላውን ትምህርታውን ውዱብ ሓላፍነትን፡ ናይ ምግዳድ ባህሪ ዘለዎ ናይ መምርሒ ትእዛዛት ክውድኡ ይደልይዎም፡፡ ብዘይ ከምዚ ዚኣመሰለ ምምሕዳራዊ ሕገታት፡ ህዝባዊ ጸጥታ ኪህሉ ከምዘይክኣል ርዱእ እዩ፡፡ ምምሕዳራዊ ትእዛዛትን ናይ ምርዳእን ምምሃርን ኣገባብን፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ንዘሎ ገርጭታት ንምፍታሕ ይደገፉ፡ ዋላ ህዝባዊ ጸጥታ ንምስፋን ዚወጽኡ ምምሕዳራዊ ሕገታት፡ ብምርዳእን ምምሃርን ኪስነዩ ኣለዎም፣ ምኽንያቱ፡ ኣብ ብዙሕ ኩነታት፡ ሕገታት በይናም ኣይሰርሑን እዮም፡፡

እዚ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ናይ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘሎ ገርጭታት ኣፈታትሓ እዚ፡ ብ1942 "ሓድነት፡ ነቐፌታ፡ ሓድነት" ብዝብል ቅዋመ ተገልጸ፡፡ ኪሰፍሕ ከሎ፡— ካብ ድሌት ንሓድነት ተበጊስካ ንገርጭታት ብነቐፌታ ወይ ብቓልሲ ፈቲሕካ፡ ኣብ ሓድሽ መሰረት ዚተመስረተ ሓድሽ ሓድነት ምብጻሕ ማለት እዩ፡፡ ኣብ ተመኩሮና ከም ዚረኣናዮ እቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ናይ ዘሎ ገርጭታት መፍትሒ ቅኑዕ መንገዲ፡ እዚ እዩ፡፡ ብ1942፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዲሰዊ ሰልፊ ንዚነበረ ገርጭታት ንምፍታሕ ተጠቒምናሉ፣ ማለት፡ ኣብ መንጎ እቶም ሃሚናውያንን ዚበዝሑ ኣባላትን፡ ከምኡ እውን ኣብ መንጎ ሃሚንነትን ማርክስነትን ንዚነበረ ገርጭታት ንምፍታሕ ተጠቒምናሉ፡፡ እቶም ናይ "ጸጋም" ሃሚናውያን፡ ኣብቲ ኣብ ውሽጢ እታ ሰልፊ ዚገበር ቓልሲ፡ ናብ ናይ "ዘስከሕከሕ ቓልስን ዘይምሕር ጽፈዕታትን" ኣገባብ ኣድሃቡ፡፡ እዚ ኣገባብ እዚ ዘይቅኑዕ ነበረ፡፡ ናይ "ጸጋም" ሃሚንነት ኣብ ምንቃፍ፡ ነዚ ኣረጊት ኣገባብ እዚ ገዲፍና ሓደ ሓዲሽ ተጠቒምና፣ ንሱ ከኣ፡ ሓደ ካብ ድሌት ንሓድነት ተበጊስካ ብነቐፌታ ወይ ቓልሲ ቅኑዕን ጌጋን ፈሊካ፡ ኣብ ሓዲሽ መሰረት ዚተመስረተ ሓድሽ ሓድነት ምብጻሕ እዩ፡፡ ኣብቲ ናይ 1942 ናይ ምእራም ምንቅስቓስ ዝተጠቐምናሉ እዚ ኣገባብ እዚ ነበረ፡፡ እምበኣርከስ፡ ኣብ ውሑድ ዓመታት፡ በቲ ዲሰዊ ሰልፊ ፯ና ሻቡዓይ ሃገራዊ ጉባኤ ዚገበረትሉ ግዜ ብ1945፡ ኣብ ምሉእ እቲ ሰልፊ ሓድነት ተጠቢጡ ነበረ፡፡ ብሰዕቢኑ ደማ እቲ ዓቢ ዓወት ናይቲ ህዝባዊ ሰውራ ተረኽበ፡፡ እታ ኣገዳሲት ነገር፡ ካብ ድሌት ንሓድነት ምብጋስ እያ፡፡ ምኽንያቱ፡ ብዘይ እዚ ናይ ሓድነት ድሌት እዚ፡

እቲ ቃልቢ ኣይዕወትን እዩ፡፡ እዚስ ከምቲ ዘሰከሕ ቃልቢን
ዘይምሕር ጸፍዒትን ደ ኣይምኸነን? ኣየናይ ናይ ሰልፊ ጣዶነ
ትከ ምተረፈ? እዚ ተመከሮ እዚ ከኣ እዩ ናብ ቲ፡— "ጣዶነት
ነቐፌታ፡ጣዶነት" ዘብል ቅዋመ ዘመርሐና፡፡ ወይከኣ፡ ብካልእ
ኣዘራርባ፡ መጸኢ ጌጋታት ከተወግዱ፡ ካብ ዝሓለፈ ጌጋታትካ
ተመሃር፡ ነቲ ሕሙም ከተድሕኖ ድማ ነቲ ሕማም ፈውሶ፡፡ ነዚ
ኣገባብ እዚ ካብ ሰልፊና ወጻኢ ኣስፋሕፊሕናዮ፡፡ ነዚ ኣገባ
ብ እዚ፡ ኣብቲ ጸረ—ጃፓናዊ ሰረት ቦታታትና፡ ነቲ ኣብ መን
ግ መሪሕነትን እቲ ጣፋሽን፡ እቲ ሰራዊትን እቲ ህዝብን፡ ኣ
ብ መንግ ወተሃደራትን ሓለፍትን፡ ኣብ መንግ ዘተፈላለዩ ኣሃ
ዱታት ናይቲ ሰራዊት፡ ከምኡ እውን ኣብ መንግ ዘተፈላለዩ ከ
ዱራት ጉጅለታት ዘርከብ ዝምዱና ንምእሳይ ብዓቢ ዓወት ተጠቒ
ምናሉ፡፡ ኣብ ታሪኽ ሰልፍና እንተረኣና፡ እዚ ኣገባብ እዚ
ካብ ቀዳም ኣትሒዝና ንጥቀመሉ ዝነበርና ኢዩ፡፡ ብ1927
ዕጡቕ ሰውራዊ ሓይልታትናን ሰረት ቦታታትናን ኣብ ደቡብ ካብ
እንምስርት ጀሚርና፡ ኣብ መንግ ሰልፍን ጣፋሽን ሰራዊትን ጣ
ፋሽን፡ ወተሃደራትን ሓለፍትን፡ ከምኡ እውን ካልኦት ኣብ መ
ንግ ህዝቢ ዘርከቡ ዝምዱናታት ንምእሳይ ክንጥቀመሉ ጸኒሕና
ኢና፡፡ እታ ሓንቲ ፍልልይ፡ ኣብ ግዜ እቲ ጸረ—ጃፓናዊ ኩና
ት፡ ነዚ ኣገባብ እዚ ምስ ዝያዳ ንቑሓት ናይ ዕሳማ ምጥቃም
ና ጥራይ እዩ፡፡ ሓርነት ናይ ምሉእ ሃገርና ካብ ንጊናጸፍ
ኣትሒዝና ድማ፡ ምስ ዲሞክራሲያውያን ሰልፍታትን፡ ምስ ናይ
ኢንዱስትሪን ናይ ንግዱን ዓንኬላትን ኣብ ዝምዱናታት፡ ነዚ
ናይ "ጣዶነት፡ ነቐፌታ፡ጣዶነት" ኣገባብ ተጠቒምናሉ ኣሎና፡፡
ሕጂ ዘሎ ዕሳማና፡ ነዚ ኣገባብ እዚ ኣብ ውሽጢ ህዝብና ከነ
ስፍሖን ብዝበለጸ ክንጥቐመሉን እዩ፤ ኩሉ ኣብያተ ዕዩታትና
ተራድኦታትና ናይ ቀኒነ—ትካላትና፡ ቤት ትምህርትታትና ናይ
መንግስቲ ቤት ጽሕፈታትና፡ ህዝባዊ ውዱባትና፡ ብሓደ ቃል፡
6 ሚእቲ ሚልዩን ህዝብና ነዚ ኣገባብ እዚ ኣብ መንግና ንዘ
ሎ ገርጮታት ንምፍታሕ ክጥቐመሉ ንደሊ፡፡

ኣብ ተራ ዝኾነ ኩነታት ኣብ መንግ ህዝቢ ዘሎ ገርጮ
ታት ተጻረርቲ ኣይኮኑን፡፡ ግናከ ብግቡእ እንተዘይተታሒዞም፤
ወይ ካብ ምትዒር እንተ ዘሕቲልና ሓለዋና እንተ ኣጉደልናን፡
ተጻራርነት ኪመጽእ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ ሓንቲ ማሕበርነታዊ
ሃገር፡ ከምዚ ዘኣመሰለ ምዕባለ፡ መብዝሕትኡ ግዜ ውሱን ግዜ
ኣውን ተርእዩ እዩ ምኽንያቱ ድማ፡ እቲ ናይ ሰብ ብሰብ ምዝ
ማዘ ስርዓት ስለ ዘወገኸ፡

ብመሰረቶ ሓደ ስለ ዘኾነን እዩ። እቶም ብግዜ ናይ ሁንጋሪ ፍጻመታት ብስፍሕ ዝበለ ደረጃ ዝተፈጸመ ተጻረርቲ ተግባራት፡ ብሰንኪ ናይ ውሽጥን ናይ ወጻእን ጸረ ሰውራውያን ባእታታት ስራሕ ዝመጽኡ ነበሩ። እዚ እውን፡ ፍሉይ እኳ እንተኾነ፡ ግዜኣዊ ነበረ። እዚ ሓደ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ማሕበርነታዊት ሃገር ዘርከቡ ኣዱሓርሓርቲ ምስ ሃጸያውያን ብምትሕብባር፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዝነበረ ገርጭታት ንክጥቀሙሉ፡ ዘይምቅዓው ወሲኾምን ምንቀጽ ተኳቲኾምን ውዒታዊ ዕላማኦም ንምጉንጻፍ ዝገብርዎ ፈተነ ጉዳይ ነበረ። ብዙሓት ሰባት ነቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ንዘሎ ገፎጭታት ንምፍታሕ ዲሞክራስያዊ ኣገባባት ናይ ምጥቃም ሒቶ፡ ከም ሓደ ሓዲሽ ኣገባብ ጌሮም ይሓስብዎ። ብሓቂ ግን ኣይኾነን። ማርክሳውያን ዕላማ ደርቢ ሸቃሎ ኣብቲ ሓፋሽ ህዝቢ ኪሙርኾስ ከም ዘለዎን፡ ዲሰውያን ደማ፡ ኣብ መንጎ እቲ ርሂጽ—በላዒ ከሰርሑከለው፡ እቲ ዲሞክራስያዊ ናይ ምርዱኣከን ምምሃርን እንተዘይኾይኑ ብዝኾኑ መንገዲ ምእዛዝ ወይ ምግዓዱ ከጥቕሙ ከም ዘይብሎም፡ ኩሉ ግዜ ይእምኑሉን ይኾታተልዎን። ዲሰዊ ሰልፊ ቺና ብጽኑዕ እምነት ናብዚ ማርክሰዊ ለኒናዊ መተከል እዚ ይጡምር። ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምልኪ ነቶም ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገፎጭታት እቶም ኣብ መንጎናን ጸላእን ዘለውን፡ እቶም ኣብ መንጎ እቲ ህዝቢ ዘለውን ንምፍታሕ ክልተ ዝተፈላለዩ ኣገባባት፡ ማለት ሓደ ምልካዊ ሓደ ደማ ዲሞክራስያዊ፡ ክንጥቀም ከምዝግባኣና ካብ ቅድም ኣትሒዙ መሰመራዊ ኣረኣእያና ዝነበረ እዩ። እዚ ሓሳብ እዚ ኣብ ናይ ሰልፍና ጽሑፋትን፡ ኣብ ናይ ሰልፊ መራሕቲ ዘረባታትን ተደጋጊሙ ተገሊጹ እዩ። ኣብታ ብ1949 ዝተጻሕፈት "ብዛዕባ ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምልኪ እትብል ዓንቀጽ፡" ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምልኪ፡ ነዚ ክልተ ተምበሳት እዚ፡ ማለት ዲሞክራሲ ንህዝብን ምልኪ ኣብ ልዕሊ ኣዱሓርሓርትን ዘጠምር እዩ፡ "ኢሉ ኔሩ። ከምኡ እውን፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ ዘሎ ሸገራት ንምርጋእ፡ "እቲ እንጥቀመሉ ኣገባብ ዲሞክራስያዊ፡ ማለት ናይ ምግዓዱ ዘይኮነስ፡ ናይ ምርዳእ ኣገባብ" ምኳኑ ገሊጹ ኔሩ። እንደገና እውን ኣብቲ ከልኣይ ኣኼባ ናይቲ ሃገራዊ ሸማግለ ኣብቲ ብሰነ 1950 ዝተገብረ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ናይ ምኽሪ ጉባኤ ከዘረብ ከሎኹ፡ ከምዚ ዝዕብ በልኩ፡—

"ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምልኪ ክልተ ኣገባባት ይጥቀም፡፡
ምስ ጸላኢ፡ ናይ ምልኪ ኣገባብ ይጥቀም፣ ማለት፡ ከቢብ ዚዱለ
ንውሒት ግዜ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ንኺከፈሉ ኣይፍቐደሎምን፣
ከምኡ እውን፡ ንናይ ህዝባዊ መንግስቲ ሕጊ ተኣዚዞም ኣብ ስራሕ
ኪከፈሉን፡ ብስራሕ ደማ ንነብሶም ናብ ሓደስቲ ሰባት ኪሃንጹን
ዪገዴደም፡፡ ምስ ህዝቢ ግን ብኣንጻሩ ናይ ምግዓዱ ዘይኾነስ
ናይ ዲሞክራሲ ኣገባብ ይጥቀም፣ ደለት፡ ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት
ንኺከፈሉ ይፍቐደሎም፣ ከምኡ እውን ዘኾነ ነገር ንኺገብሩ ኣይግ
ዴደምን፣ እንታይ ደኣ፡ እቲ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ናይ ምምሃርን
ምርዓእን ይጥቀም፡፡ እዚ ትምህርቲ እዚ ኣብ ውሽጢ እዚ ህዝቢ
ርእስኻ—ምምሃር ኢዩ፣ እቲ መሰረታዊ ኣገባብ ናይ ርእስኻ—ምም
ሃር ከኣ ነቐፌታን ርእሰ—ነቐፌታን ኢዩ፡፡"

እምበኣርከስ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ንዘሎ ገርጭታት ንምፍታሕ
ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ምጥቃም ኣብ ብዙሕ ኩነታት ተኻቲዕናሉ ኢ
ና፡፡ ካብዚ ንላዕሊ እውን፡ ኣብቲ ስራሕና ብሓፈሻ ኣብ ግብሪ
ኣውዒልናዮ ኢና፣ ብዙሓት ካድራትን ብዙሕ ካልእ ህዝብን ከኣ
ኣብ ግብሪ ኣወዓዕላኡ ፈሊጦም ኣለው፡፡ ስለምንታይ ደኣ እዩ
እዚ ሕጂ ንገለ ሰባት ሓዱሽ ኣርእስቲ ኮይኑ ዚስምዖም? ምኽን
ያቱ ቀደም፡ ኣብ መንጎናን ጸላኢን ዝነበረ ቃልሲ፡ ወጻኢ ይኹን
ገዛዊ እቲ ዝበዝሐ ነበረ፣ ካብ እዚ ዝተላዕለ ከኣ፡ እቶም
ኣብ መንጎ ህዝቢ ዝነበሩ ገርጭታት፡ ከምዚ ናይ ሎሚ ቃልሲ ኣይ
ሰሓቡን፡፡

ሓያሉ ሰባት ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ዝተፈላለዩ ዓይነ
ታት ገርጮት እቶም ኣብ መንጎናን ጸላኢን ዘለውን፡ እቶም ኣብ
መንጎ እቲ ህዝቢ ዘለውን ሓደ ንጹር ፍልልይ ኣይገብሩን፡ ነዞም
ክልተ ከኣ ዪደናገርዎም፡፡ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ከምዚ ምግባር ኣዝዩ
ቀሊል ምዃኑ ክንእመን ኣሎና፡፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዕዉና ከምዚ
ዘጋመሰለ ኣብነት ናይ ምድንጋር ገጢሙና ኣሎ፡፡ ኣብ ናይ ጸረ—
ሰውራውያን ምጽራይ ጉዕዞ፡ ንሓንሳብ ቅኑዓት ሰባት ብጌጋ ከም
እኩያት ይውሰዱ ኔሮም ኢዮም፣ ከምዚ ዓይነት ጌጋታት እዚ ደማ
ክሳብ ሕጂ ዪጋጥም እዩ፡፡ ሚሳና፡ ካብ ቀዳም ኣትሒዙ ኣብ መ
ንጎናን ጸላኢን ሓደ ንጹር መስመር ምሕንጻጽን፡ ጌጋታት ኣብ
ዝተረኽቡሉ ግዜ ብኹ ብኹ ምእራምምን ስለ ዘኾነ፡ ጌጋታትና
ከነውሕዶም ኪኢልና ኣሎና፡፡

ማርክሳዊ ስነ—ሓሳብ፡ እቲ ናይ ኣንጻራት ሓድነት ሕጊ፡ መሰረታዊ ሕጊ ናይ ኣደማስ ኢዩ ይብል። እዚ ሕጊ እዚ ኣብ ሙሉእ ኣደማስ፡ ኣብ ባህርያዊ ዓለም ይኹን፡ ኣብ ሰብኣዊ ሕ/ሰብ፡ ወይ ኣብ ናይ ወዲ ሰብ ኣተሓሳስባ ይሰርሕ። ኣብ ሓደ ግርጭት፡ ኣብ መንጎ እቶም ኣንጻራት፡ ኣብ ሓደ እዋን ሓድነትን ቃልስን ኣሎ፤ እዚ ከኣ እዩ ንነገራት ኪንቀሳቀስን ኪቕየርን ዘገድዱ። ግርጭታት ኣብ ኩሉ ኣለው፤ ግን ምስ ዚተፈላለየ ባህርይ ናይ ዚተፈላለዩ ነገራት ይፈላለዩ። ኣብ ዝኾነ ነገር ወይ ተርእዩ፡ ሓድነት ናይ ኣንጻራት ኩነታት እውን ግዜኣውን ስጋርን /ምስጋግርኣውን/ ኢዩ፤ ከምዚ ስለዝኾነ ድማ፡ ተዛማዲኣዊ ኢዩ፤ ቃልሲ ናይ ኣንጻራት ግን ፍጹም እዩ። ሌኒን ሓደ ንጹር መብርሂ ናይ እዚ ሕጊ እዚ ሃበ። ኣብ ሃገርና ብዙሓት ሰባት ከርዱእያ ኪኢሎም ኣለው። ዝኾነ ኾይኑ፡ ንብዙሓት ሰባት፡ ነዚ ሕጊ እዚ ምቕባል ሓደ ነገር እዩ፤ ኣብ ምምርማርን፡ ሽግራት ኣብ ምፍታሕን ኣብ ግብሪ ምውዓሉ ድማ፡ ካልእ ነገር እዩ። ሽሕ እኳ ንሕ/ሰብና ንቕድሚት ዝደፍኣያ እቶም ኣብ ውሽጢ ዘርከቡ ግርጭታት እንተኾኑ፡ ብዙሓት ሰባት፡ ኣብ መንጎ ህዝብና ግና ግርጭታት ከምዘለው ብጋህዲ ኪእመኑሉ ዘይደፍሩ ኣለው። ብዙሓት ግርጭታት ከምዘለው ኣብ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ እውን ቀጻሊ ከምዝኾነ ኣይኣመኑን፤ በዚ ምኽንያት እዚ ድማ ማሕበራዊ ሽግራት ምስዝጋጠሙ ዚገብርዎ ኣይፈልጡን። ማሕበርነታዊ ሕ/ሰባዊ፡ በቲ ዘዩቋርጸ መስርሕ ናይ ቀኑዕ ኣተሓሕዛን ኣፈታትሓን ግርጭታት ብዝያዳ ከምዚስመርን ከምዚጸንዕን ኣይርድእዎን ኢዮም። በዚ ምኽንያት እዚ ኣብ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ ዘሎ ግርጭታት ንኪርድኡ ንምሕጋዝም ቀኑዕ ኣገባብ ንኣተሓሕዛ ናይ እዞም ግርጭታት ኢዚኦም ንኪመሃሩ፤ ንህዝብና፡ ብመጀመርያ ደረጃ ድማ ንካድራትና ኩሉ ነገራት ከንገልጸሎም የድሊ።

ኣብ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ ዘለው ግርጭታት፡ ካብ እቶም ኣብ ኣረጊት ሕ/ሰባት፡ ንኣብነት ናይ ር/ማሳዊ ሕ/ሰብ፡ ዝርከቡ ግርጭታት መሰረታዊ ፍልልይ ኣለዎም። ኣብ ር/ማሳዊ ሕ/ሰብ፡ ግርጭታት ብበሊሕ ተጻራሪነታትን ግርጭታትን፡ ብበሊሕ ደርባዊ ቃልሲ ይገለጹ፤ እዚኣቶም ብዒሰዊ ሰውራ ጥራይ እንተዘይኮይኑ ብዚ ር/ማሳዊ ስርዓት ኪፍትሑ ኣይክእሉን እዮም። በንጻሩ፡ ኣብ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ ግርጭት ኣብ ዚተፈላለየ ባህርይ ኣሎዎም። ኣብዚ ዘይተጻረርቲ ብምዃኖም፡ ሓደ ዲሕሪ ሓደ በቲ

ማሕበርነታዊ ስርዓት ንገዛእ ርእሱ ክፈትሑ ይኽእሉ ኢዮም፡፡

ገና ኣብ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ እውን እቶም መሰረታውያን
ገርጭታት እቶም ኣብ መንጎ ዝምዱና—ማእቶትን ሓይልታት ማእቶትን
ኣብ መንጎ ልዕለ—ህንጻን ስረትን ዘለው ኢዮም፡፡ እንተኾነ ግን
ከብኣቶም ኣብቲ ኣረጊት ሕ/ሰብት ኣብ መንጎ ዝምዱና ማእቶትን
ሓይልታት ማእቶትን፡ ኣብ መንጎ ልዕለ—ህንጻን ስረትን ዘርከቡ
ገርጭታትን መሰረታዊ ፍልልይን ዘተፈልዩ ጠባያትን ኣለዎም፡፡
እዚ ሕጂ ኣብ ሃገርና ዘሎ ማሕበራዊ ስርዓት፡ ካብቲ ናይ ቅዱ
ም ኣጸቢቑ ዚሳዓለ እዩ፡፡ ከምኡ ኔሩ እንተዘይከውን እቲ ኣረ
ጊት ስርዓት ኣይምዓነወን፤ እዚ ሓዱሽ ስርዓት ደማ ከትከል ኣ
ይምተኻእለን፡፡ ንምዕባለ ሓይልታት ማእቶት፡ ማሕበርነታዊ ዝም
ዱና ማእቶት ካብቲ ኣረጊት ዝምዱና ማእቶት ዚሓሸ ኢዩ ማለትና፡
ነቶም ሓይልታት ማእቶት ኣብ ኣረጊት ሕ/ሰብ ካብጸሕ ብዘይካኣል
ፍጥነት ንኺምዕብሉሉ ስለዘፈቕደሎም፡ ማእቶት፡ ነቲ እናዓበዩ
ዚኸይዱ ዘሎ ድሌታት ህዝቢ ብብደረጃ ንምርዋይ፡ ብብስጉምቲ ኪ
ሰፍሕ ይኽእል ማለትና ኢዩ፡፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ሃጸይነትን
መስፍንነትን፡ ቢሮክራት—ር ማልነትን፡ ምዕባለ ሓይልታት ማእቶት
ኣረጊት ቺና ኣዝዩ ዝሕተል ነበረ፡፡ ንካብ 50 ዓመታት ንሳዕሊ
ቅድሚ ሓርነት ቺና ኣብ ሓደ ዓመት፡ ነቲ ናይ ሰሜናውያን ኣው
ራጃታት ምህርቲ ከይጸብጸብካ፡ ሓደ ቀረብ ዓሰርተ ሽሕ ቶናት
ሓጺን ጥራይ ተእቶ ነበረት፡፡ እተን ኣውራጃታት እንተደኣ ተወ
ሲኸን፡ እቲ ዚለዓለ ዓመታዊ ናይ ሓጺን ምህርቲ ካብ 900000
ቶናት ቀረብ ዚበዝሕ፡፡ ብ1949 ሃገራዊ ናይ ሓጺን ምህርቲ
ካብ 100000 ቶናት ቀረብ ዚበዝሕ ነበረ፡፡ ሕጂ ግን፡ ሓር
ነት ሃገርና ካብ 7 ዓመታት ንሳዕሊ ከይገበረ፡ ናይ ሓጺን ም
ህርቲ ዶር ልዕሊ ኣርባዕተ ሚልዮን ከይኑ ኣሎ፡፡ ኣብ ኣረጊት
ቺና መካይን ዚሰርሕ ኢንዱስትሪ ፋርጋ ፈጺሙ ኣይነበረን ብዛዕ
ባናይ ኣውቶቡስትን ነፈርትን እዚ ንገደፍ፡፡ ሕጂ ግን ብለስቲኡ
ኢንዱስትሪታት ኣሎና፡፡ ህዝቢ ቺና ንመግዛእቲ ሃጸይነትን፡ መስ
ፍንነትን፡ ቢሮክራት—ር ማልነትን ምስኣጥፍአ፡ ብዙሓት ሰባት
ቺና ብዛዕባ መንገዲ ከተምርሕ ከምዘለዋ ኣብ ርእሰማልነትዶ ወይ
ናብ ማሕበርነት ይፈልጡ ኣይነበሩን፡፡ ከውን ነገራት ነዚ መልሲ
ሃቢሎም፤ ማሕበርነት ጥራይ እዩ ንቻይና ከድሕን ዚኽእል፡፡ ማሕ
በርነታዊ ስርዓት፡ ቀልጢፉ ምዕባለ ናይ ሓይልታት ማእቶት ሃገ
ርና ኣስዒቡ ኣሎ፡፡ እዚ ቀሰ ኣብ ወጻኢ ዘለው ጸላእትና
ኪእመንሉ ዚተገደዱ ሓቂ እዩ፡፡

ገናኸ፡ ማሕበርነታዊ ስርዓትና ዘጊት ተቐዊዱ ፕሬይ ኢዩ
ዘሎ፣ ገና ሙሉእ ብሙሉእ ኣይተተኸለን ወይ ኣይጸንዐን፣ ኣብ
ጥሙር መንግስቲ—ብሕታዊ ናይ ኢንዱስትሪያውያን ንግዳውን ቁኒነ—
ህንጻታት፡ ር ማሳውያን ገና ናይ ርእሰ ማሎም ውሑን ወለዶ ይ
ቅበሉ ኢዮም፣2 ማለት፡ ምዝማዝ ገና ኣሎ። ብቀንነት ዘርኢ
ጉዳይ ዶማ፡ እዘም ቀኒነ—ህንጻታት እዚኣቶም ምሉእ ብሙሉእ ማ
ሕበርነታዊ በህርይ ዋብሎምን። ገና ካብ ሕርሻ እውን ኢደ—ስ
ራሕ እውን ናይ ኣፍረይቲ ተራዱእታትና ገና ሰውቢ—ማሕበርነታው
ያን ኢዮም። ቀሰ ካብቶም ምሉእ ብምሉእ ማሕበርነታዊ ዚኸኑ
ተራዱእታት እውን፡ ገና ከፍትሑ ዘሎዎም ገለ ናይ ምውናን ሽግ
ራት ኣለው። ናይ ማእቶትን ለውጥን ዝምዱናታት፡ ምስ ማሕበር
ነታዊ መትከላት ብምስምማዕ፡ ኣብ ዚተፈላለዩ ክፍልታት ናይ ኤኮ
ኖሚና በብደረጃ ይትከሉ ኣለው፣ ዚበለጹ ዝምዱናታት ንምርካብ
ከኣ ሃበው ንብል ኣሎና። እቲ ገቡእ መጠን ኣብ መንጎ ምዱሳ
ብን ሃልከን ኣብ ነፍስ—ወከፍ ናይቲ ክልተ ክፍልታት ማሕበርነ
ታዊ ኤኮኖሚ እቲ ናውቲ ማእቶት በቲ ምሉእ ህዝቢ ዚውንነሉን፡
ናውቲ ማእቶት ብማሕበር ዚውንነሉን ከምኡ እውን ኣብ መንጎ እ
ቶም ክልተ ክፍልታት ንገዛእ ርእሶም ምውብን፡ ሒደ ቀልጢፍካ
ብቕሊሉ ገቡእ መፍትሒ ኪትረኽበሉ ዘይትኽእል ዚተሓላለኸ ሽግር
ኢዩ። ብሓጺሩ፡ ማሕበርነታዊ ዝምዱናታት ማእቶት ተተኺሎም፡
ምስ ዕብየት ሓይልታት ዶማ ተቀሃኒዶም ይኸዱ ኣለው። ገን፡
ገና ምሉኣት ኣይኮኑን። እዚ ዘይምሉእነት እዚ ዶማ ምስ ዕብ
የት ናይ ሓይልታት ማእቶት ይጋረጥ። ኣብ ርእሲ እቲ ኣብ መ
ንጎ ዝምዕብሉ ዘለው ሓይልታት ማእቶትን ዝምዱና ማእቶትን ዘሎ
ምውህሃድን ገርጭትን፡ ኣብ መንጎ ልዕለ—ህንጻን ስረትን እውን
ምውህሃድን ገርጭትን ኣሎ። እቲ ስርዓት መንግስትን፡ ናይቲ
ህዝባዊ ዲሞክራስያዊ ምልኪ ሕጋታትን፡ ብማርክስነት—ሌኒንነት
ዚምራሕ ማሕበርነታዊ ስነ—ሓሳብን ዚሓዘ ልዕለ—ህንጻ፡ ነቲ
ናይ ማሕበርነታዊ ምልውዋጥን ማሕበርነታዊ ኣወዳድባ ዕዩ ምትካ
ልን ዓወትንምስላጥን ሓደ እያታዊ ተራ ኣለዎ። ነቲ ማሕበርነ
ታዊ ኤኮኖምያዊ ስረት፡ ማለት ንማሕበርነታዊ ዝምዱና ማእቶት፡
ምቹእ ኢዩ። ገናኸስ፡ ተረፍ—መረፍ ናይ ብርጁዋ ስነ—ሓሳብን፡
ገለ ቢሮክራስያዊ ኣሰራርሓታት ኣብ መንግስታዊ ህዋሳትናን፡

ጉዳለታት ናይ ገለ መሬኸቢታት ኣብ መንግስታዊ ትካላትናን ምስ
ማሕበርነታዊ ኢኮኖምያዊ ሰረት ተጋረጠውቲ እዮም፡፡ ንኸምዚ ዚ
ኣመስሉ ገርጭታት ብመሰረት ናይቲ ፍሉይ ኩነታትና ንምፍታሕ ኪ
ንቀጽል ኣሎና፡፡ ናይ ገዱን፡ እዞም ገርጭታት እዚኦም ምስተፈ
ትሑ፡ ሓደስቲ ሽግራት ኪቖልቀሉ እዮም፡፡ ነዞም ሓደስቲ ገርጭ
ታት ንምፍታሕ እውን ዝያዳ ጻዕሪ ከዶለ ኪዩ፡፡ ንኣብነት እቲ
ነዊሕ ገዜ ከም ውዱዓዊ ርገጽነት ዚጸገሕ ኣብ መንጎ ማእቶትን
ዱሊታት ሕ/ሰብን ዘሎ ገርጭት ንምፍታሕ ብመንግስታዊ ውጥን ኣ
ቢሉ ዚመጽእ ሓደ ዘየቋርጽ መስርሕ ናይ እንደገና ምትዕርራይ
ምጥቃም የድሊ፡፡ ኣብ መንጎ ምዱሳብን ሃልክን ሓደ ገቡእ መጠ
ን ተረኪቡ፡ ኣብ መንጎ ማእቶትን ዱሊትን ሓደ ሚዛን ምእንቲ
ኪህሉ፣ ሃገርና ኣብ ዓዓመት ሓደ ኢኮኖምያዊ ውጥን ተውጽእ
ሚዛን ከበሃል ከሎ ከልእ ዘይኮነስ ሓደ ገዜኣዊ ተዛምዶኣዊ ሓ
ዱነት ናይ ኣንጻራት ማለት ኪዩ፡፡ ኣብ መወዳእታ ነፍስ—ወከፍ
ዓመት እዚ ሚዛን እዚ ብምሉኡ ተወቢዱ ብቓልቢ ናይ ኣንጻራት
ይማዘበል፣ እቲ ሓዱነት ምቅይያር ይገብር፣ ሚዛን ዚነበረ ይፈ
ርስ፣ ሓዱነት ዘይሓዱነት ይኸውን፣ ንዚመጽእ ዓመት ዳማ ሓደ
ሚዛንን ሓዱነትን ዓይካ ምውጻእ ተዓልዩ ይኸውን፡፡ ጸብለልትነ
ትን ውሑን ኢኮኖሚና ኣብዚ እዩ፡፡ ብሓቂ ነገር እ፬፡ እዚ
ሚዛን እዚ እዚ ሓዱነት እዚ ኣብ ዚኸነ ወርሒ ወይ ዚኸነ ርብ
ዒ ብከፊሉ ይመዘበል እዩ፣ ነዚ ንምፍታሕ ከኣ እንደገና ከፍላ
ዊ ምትዕርራያት የድሊ፡፡ ሓደ ሓደ ገዜ በዕላዊ ምትዕርራያትና
ምስ ውዱዓዊ ርጉጽነት ስለ ዘይሰማምዑ፡ ገርጭታት ይበርቁ እሞ
እቲ ሚዛን ዳማ ይመዘበል፡፡ እዚ እዩ እቲ ጌጋ ምግባር ኢልና
ንጽያዩ እቲ ዘየቋርጽ ምቅልቓልን ዘየቋርጽ ምፍታሕን ናይ ገር
ጭታት ዝንተ—መጉታዊ ሕጊ ናይ ምዕባለ ናይ ነገራት ኢዩ፡፡

ሎሚ ነገራት ከምዚ ዚስዕብ ኣሎው፡፡ ብቀንዱ እ፬ እቲ
ኣብቲ ዚሓለፈ ሰውራዊ እዋናት ዚነበረ መጠነ—ሰፊሕን ህውጽን
ደርባዊ ቓልስታት ሓፋሽ ዘጠርጡ እዩ፣ ገናከ ደርባዊ ቓልቢ
ፈጺሙ ኣይተወደአን፡፡ ሸሕ፬ እቲ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ነዚ ሓዲ
ሽ ስርዓት ብሓጎስ እንተተቀበሎ ከሰብ ሕጂ ኣጸቢቑ ኣይተሰማመ
ዶን፡፡ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት እኩል ተመኩሮ ስለ ዘይብሎም፡
ዝያዳ ኪመሃሩን፡ ፍሉይ ሚላታት ከጽኑዑን ኣለዎም፡፡ ብኸልእ
ኣዘራርባ ማሕበርነታዊ ስርዓትና ኪትከልን ኪጸንዕን፡ ሓፋሽ ነ
ዚ ስርዓት እዚ ኪለምደ፡ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ከመሃሩን

ተመኩሮ ኪቀስሙን ግዜ የዶሊ እዩ፡፡ ኣብ እዚ ግዜ እዚ እምበ
ኣርከስ እቲ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘሎ ገርጭታት ካብቶም ኣብ መ
ንጎናን ጸላእን ዘሎ ገርጭታት ናይ ምፍልላይ ሕቶ፡ ከምኡ እ
ውን ናይ ቀኑዕ ኣተሓሕዛ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዘሎ ገርጭታት ሕቶ፡
ከነምጽኦ ናይ ገዱን ይኾውን እዚ እንገብር ዶማ ንናይ ኩሉን
ብሄራት ህዝቢ ንሓደ ሓዱሽ ውግእ ኣንጻር ባህርን ንምስማር፡
ኢኮኖሚናን ባህልናን ንምምዕባል፡ ንምሉእ ሃገርናን እዚ ናይ
ምትሕልላፍ እዋን ዓርጋ ብዘይ ሽገር ኪሰገሮ ንምድጋፍ፡ ሓዱ
ሽ ስርዓት ቺና ንምድልዓል፡፡ ከምኡ እውን ሓዱሽ መንግስትና
ንምህናጽ እዩ፡፡

## II ናይ ጸረ—ሰውራውያን ምጽቃጥ ሕቶ

እቲ ናይ ጸረ—ሰውራውያን ምጽቃጥ ሕቶ፡ ሓደ ካብ ናይ
ኣብ መንጎናን ጸላእን ዘሎ ቃልሲ፡ ሓደ ተጻራሪ ገርጭት እዩ
ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ፡ እዚ ሕቶ እዚ ብሓደ ፍልይ ዝበለ ሸነ
ክ ዘይርእይዎ ኣለው፡፡ ክልተ—ዓይነት ሰባት ካብ ናትና ዚተፈ
ልዩ ኣረኣእያ ኣለዎም፡፡ እቶም "የማናዊ" ኣተሓሳስባ ዘለዎም፡
ኣብ መንጎናን ጸላእትናን ፍልልይ ከምዘየሎ ይወስድዎ እሞ ነቲ
ጸላኢ ከም ህዝብና ይርእይዎ፡፡ እቲ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝቢ ከም
ጸላእቶ ዚርእዮም፡ ንስቶም ከኣ ከም ፈተውቲ ይቖጽርዎም እቶም
ናይ "ጸጋም" ኣተሓሳስባ ዘለዎም ዶማ፡ ነቲ ኣብ መንጎናን ጸ
ላእትናን ዘሎ ገርጭታት ካብ ልክዕ ንላዕሊ የጋንንዎ እሞ፡ ን
ገለ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ዘሎ ገርጭታት ከም ገርጭታት ናይ ኣብ
መንጎናን ጸላእትናን ጌሮም ይርድእዎ፣ ንገለ ናይ ብሓቂ ጸረ—
ሰውራውያን ዘይኾኑ ሰባት ዶማ፡ ከም ጸረ—ሰውራውያን ይሓስብዎ
ም ክልቲኦም እዞም ኣራእያታት እዚኦም ጉጉያት እዮም፡፡ ክልቲ
ኦም ነቲ ናይ ጸረ—ሰውራውያን ናይ ምጽቃጥ ሕቶ ብቑኑዕ ናብ
ምትሓዝ ሸነ ·ምምማይ ኪመርሑ ኣይከእሉን እዩ፡፡

ኣብ ናይ ጸረ—ሰውራውያን ምጽቃጥ ስራሕና ቅኑዕ ምምዝ
ዛን ምእንቲ ኪህልወና፡ እስከ እቲ ናይ ሁንጋሪ ፍጻሜታት ኣብ
ቺና እንታይ ሰዕቢን ከም ዚነበሮም ንርኤ፡፡ ደሕሪ ምፍጻምም፡
ኣብ መንጎ ሓደ ክፍሊ ናይ ምሁራትና ገለ ፈኸኸ ነበረ፡

ግን ዋላ ሓንቲ ናዕቢ ኣይነበረን፡፡ ስለምንታይ? ሓደ ኪበሃል
ዘለዎ ምኽንያት፡ ኣብ ናይ ጸረ—ሰውራውያን ምጽቃጥ ስርሕና ስለ
ዝተዓወትና ኢዩ፡፡

ርግጽ እዩ እቲ ንመንግስትና ጽኑዕ ዝገበሮ ቀንዲ ምኽ
ንያት ናይ ጸረ—ሰውራ ምጽቃጥ ኣይኮነን፡፡ ብቐዳምነት፡ ዲሰዊ
ሰልፍን፡ ንሓርነት ሰራዊትን፡ ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ዝተ
ሰሕሉ ሰራሕተኛ ህዝብን ስለዘሎና ኢዩ መንግስትና ዱልዱል ዝኾነ
ሰልፍና ዕጡቕ ሓይልታትናን ኣብ ሓፋሽ ሱር—ዚሰደዱ፡ ኣብቲ ነ
በልባል ናይ ዚተናውሐ ሰውራ ዚተሰሕሉ ንኺቀግኡ ድማ እኹል ዓ
ቕሚ ዘለዎም እዮም፡፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክና ብሓንቲ ለይቲ ኣይ
ተሃንጸትን፡ እንታይ ደኣ፡ ካብቲ ሰውራዊ ሰረት ብታታትና ጀሚ
ራ ብብስጉምቲ እናማዕበለት ተሃንጸት፡፡ ገለ ዲሞክራሲያውያን
ሰባት ኣብ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ናይቲ ሰልፊ በሊሒም፡ ኩሉ እቲ
ጽንኩር ግዜታት ከኣ ምስና ሓቢሮም ሓሊፎም ኢዮም፡፡ ኣብቲ ኣ
ንጻር ሃጸይነትን ምዱሕርሓርን ዝተገብረ ቃልስታት ገለ ምሁራት
ተኸስኪሶም ወጹ፡፡ ዱሕሪ ሓርነት ድማ መታን ንዓናን ጸላእትን
ምፍላይ ኺኽእሉ፡ ብሓደ ናይ ስነ—ሓሳባዊ መስርሕ ከም ብሓዱሽ
ተሃኒጾም እዮም፡፡ ብተወሳኺ ከኣ፡ መንግስትና ዝጸንዓሉ ምኽን
ያት፡ ኤኮኖሚያዊ ስጉምቲታትና ብመሰረቱ ዱልዱላት ስለዚኾኑን፡
ናብራ ህዝቢ ውሕስነት ዘለዎን ብርጉጽ ስጉምትታት ዚምዕብል ዘሎ
ብምዃኑን፡ ምስ ሃገራዊ ብርጌዳዊን ካልኦት ደርብታትን እንኸተሎ
ፖሊሲታት ቅኑዓት ስለዝኾኑን...ወዘተ ኢዩ፡፡ ዝኾነ ኾይኑ፡ ጸ
ረ—ሰውራውያን ኣብ ምጽቃጥ ምዕቀትና እውን ንምድልዳል ናይ መ
ንግስትና ሓደ ኣገዳሲ ምኽንያት ከምዝኾነ ዘይከሓድ ሓቂ ኢዩ፡፡
በዚ ምኽንያት ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ከኣ፡ ሽሕኳ መብ
ዛሕትኦም ካብ ስድራ—ቤታት ናይ ደርቢ ሰራሕተኛ ዘይመጹ እንተ
ኾኑ፡ ናይ ኮለጅ ተማሃሮና፡ ብጀካ ሓደ ክልተ፡ ኣፍቀርቲ ሃገ
ርን ደገፍቲ ማሕበርነትን ኢዮም፤ ኣብ ግዜ ናይ ሁንጋሪ ፍጻመታት
ድማ ኣይሃወኹን፡፡ ናይ ሃገራዊ ብርጌዳዊ እውን ከምኦም ኣይሀው
ኾን፤ ናይቶም መሰረታውያን ሓፋሽ—ሰራሕተኛታትን ገበርን እዚ
ንምዝራብ ኣየድልን ኢዩ፡፡

እዚ ናይ ገዲ ካዱሉዱ ነበረ፣ ብሰራሕ ህዝቢ ተሓቲቱ ምእንቲ ንሓፋሽ ካብ ነዊሕ ዓመታት ናይ ጸረ—ሰውራውያን ብዙሓት ደቀ ባትን መጽቀጥትን ሓራ ንምውጻእ ዚተፈጸመ ኢዩ፡፡ ብኻልእ ኣዘ ራርባ፡ ንሓይልታት ማእቶት ነጻ ንምግባር ዚተገብረ ነበረ፡፡ ከምዚ እንተዘይንገብር፡ እቲ ሓፋሽ ርእሱ ክልዕል ኣይምኸኣለን ነይሩ፡፡ ካብ 1956 ገን፡ ኣብቲ ኩነታት ሓደ መሰረታዊ ለውጢ ተራእዩ ኣሎ፡ ኣብ ምሉእ ሃገር ሓይሊ ጸረ—ሰውራውያን ተደምሲ ሱ ኢዩ፡፡ ሕጂ እቲ መሰረታዊ ዕማምና ካብ ንሓይልታት ማእቶት ምፍናው ናብ ሓይልታት ማእቶት ብመሰረት ናይዚ ሓዱሽ ዝምዱና ማእቶት ምሕላውን ምስፋሕን ተቐይሩ ኢዩ፡፡ ናይ ሕጂ ሚሳና ምስ ናይዚ እዋን እዚ ኩነታት ከምዚሰማማዕ፡ ናይ ቀዳም ሚሳና ድማ ምስቲ ዚነበረ ኩነታት ከም ዚተሰማምዐ ክርዱኡ ስለዘይከኣሉ ገለ ሰባት ነዚ ናይ ሎሚ ሚሳና ተጠቒሞም፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሕሉፍ ጉዳያት ዚሓለፈ ውሳኔታት ኪቕይርዎን ነቲ ጸረ—ሰውራ ኣብ ምጽ ቃጥ ዚተጓናጸፍናዩ ዓቢ ዓወት ኪኸሕድዎን ይደልዩ፡፡ እዚ ገጉይ ኢዩ፣ ብሓፋሽ እውን ተቐባልነት የብሉን፡፡

ኣብ ናይ ጸረ—ሰውራውያን ምጽቃጥ ሰራሕና ዓወት ኣብ ል ዕሊ ዓወት ተጓናጸፍና፣ ግን ጌጋታት እውን ነይሮም እዮም፡፡ ገ ሓንሳብ፡ ምሒር መጽቀጥቲ ንጥቀም ኔርና፣ ንሓንሳብ ድማ ጸረ— ሰውራውያን ይሰልኩና ነበሩ፡፡ ሚሳና፡— "ጸረ—ሰውራውያን ኣብ ዚተረኽቡሉ እዋን ኪእረም ኣለዎም ዝብል እዩ፡፡ ኣብ ናይ ጸረ— ሰውራ ምጽቃጥ ሰራሕና ንኽተሉ፡ ሕንጻጽ፡ እቲ ናይ ሓፋሽ ሕን ጻጽ ኢዩ፡፡ ገዱን እዩ ዋሳ ናይቲ ሓፋሽ ሕንጻጽ እናተኸተልና እውን ጌጋታት ኪርከቡ እዮም፣ ግን ዝወሓዱን ንምእራሞም ክኣ ዚቕለለን ኪኾኑ እዮም፡፡ እቲ ሓፋሽ ብቃልሲ ተመክሮ ይኸስብ፡፡ ካብቲ ብቕኑዕ ዚተሰርሐ ነገራት፡ ንዘመጽእ ግዜ ከመይ ገይሩ ከምዚሰርሕ ይመሃር፡፡ ካብቲ ብጌጋ ዚተገብረ ድማ፡ ከመይ ጌርካ ካብ ጌጋታት ከምትቑጠብ ይመሃር፡፡

ጸረ—ሰውራውያን ንምጽቃጥ ኣብ ዚገበር ሰራሕ ጌጋታት እንተደኣ ተረኺቦም፡ ነቶም ጌጋታት ንምእራም ቢጒምትታት ተወሲዱ ወይ ይውሰዱ ኣሎ፡፡ እቶም ዘይተፈልጡ ድማ ኪቕልቀሉ ከለው ክ- እረሙ ኢዮም፡፡ እቶም ናይ ምንጻህን / ናጻ ምስዓዱን / ናይ ምእራምን / ጸረ—ሰውራውያን / ውሳነታት፡ ልክዕ ከምቶም ናይ መጀመርታ ገጉያት ውሳኔታት ዚነበርዖ ሰፈሐም ኪፍለጡ ኣለዎም፡፡ ተመኩሮታት ንምስትውዓልን ንቕኑዕ ምድጋፍ ንእከይ ክኣ ምቅላስ

ንምትብባዕን፡ ብዛዕባ እቲ ናይ ጸረ—ሰውራውያን ምጽቃጥ ስራሕ ሒደ ሰፊሕን ዓሙቕን መጽናዕቲ ንኸገበር ሒሰበይ ኣቕርብ፡፡3 እዚ መጽናዕቲ እዚ ብሃገራዊ ደረጃ፡ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ናይቲ ቅውም ሸማገለ ናይቲ ሃገራዊ ህዝባዊ ጉባኤ፡፡ ናይቲ ቅውም ሸማገለ ናይቲ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ናይ ምኽሪ ጉባኤን፣ ብዞባዊ ደረጃ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ናይ ኣውራጃውን ከተማውን ህዝባዊ ሸማግለታትን፡ ኣብ ትሕቲ ናይቲ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ናይ ምኽሪ ጉባኤ ሸማግለታትን ኪገበር ኣለዎ፡፡ ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ነቶም ኣብዚ ስራሕዚ ተኻፊሎም ዘለው ብዙሓት ካድራትን ኣንቀሳቐስትን ብእታታትን ከንሕግዞም ደኣምበር፡ ኣቋናጽብና ከነጊድቦም የብልናን፡፡ መንፈሶም ምዝሓል ቅኑዕ ኣይኮነን፡፡ግናኸ፡ ጌጋታት ኣብ ዚተረኽቡሉ ግዜ ኪእረሙ ኣለዎም፡፡ እዚ ኣረኣእያ እዚ ናይ ኩሎም ናይ ህዝባዊ ጸጥታ ኣካላትን፡ ናይ ዓቃብ ቲ—ሕጊ ቤት ጽሕፈታትን፡ ናይ ቤት ፍርዲ ክፍልታትን፡ ንበደለኛታት ነብሶም ብስራሕ ንኸመሓይሹ ሓላፍነት ዝተዋህቦም ወኪላትን ኣረኣእያ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ብዝተኻእለ መጠን፡ ኣባላት ናይቲ ቅውም ሸማገለ ናይቲ ሃገራዊ ህዝባዊ ጉባኤን ናይቲ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ናይ ምኽሪ ጉባኤን፡ ናይ ህዝቢ ወከልትን ኣብዚ መጽናዕቲ እዚ ንኺገበረሉ ተስፋ ንገብር፡ እዚ ሕጋዊ ስርዓትና ምሉእ ንምግባርን፡ ንጸረ—ሰውራውያንን ካልኦት ገበነኛታትን ድማ ንምጽቃጥን ዓቢ ሓገዝ ኪኸነና ኢዩ፡፡

እቲ ሕጂ ብዛዕባ ጸረ—ሰውራውያን ዘሎ ኩነታት በዞም ዝስዕቡ ቃላት ክገለጽ ይከኣል፡— ገና ጸረ—ሰውራውያን ኣለውን ቀጽሮም ውሑድ ኢዩ፡ ብቕዓምነት፡ ገና ጸረ—ሰውራውያን ኣለው፡፡ ገሊኦም ሰባት፡ ጸረ—ሰውራውያን ተወጊኦም ኢዮም፣ መረት ሰላም ኢያ ዘላ፡ ስለዚ ኣስተርሒና ክንድቀስ ንኽእል ኢና ይብሉ፡፡ ግና እቲ ህልው ነገራት ከምቲ ንሶም ዝብልዎ ኣይኮነን፡፡ እቲ ሓቂ፡ ገና ጸረ—ሰውራውያን ኣለው /ናይ ገዶን ኣብ ኩሉ ቦታታትን ኣብ ዝኾነ ውድባትን ይርከቡ ኢዮም ማለትና ኣይኮነን/፡ ኣንጻር እዚኦም ምቅላስና ከኣ ቀጻሊ ኪኸውን ኣለዎ፡፡ እቶም ኣይብዩም ዘለው ጸረ—ሰውራውያን ኮፍ ኢሎም ክርእዩ ዘይኮነስ፡ ዕድል እንተደኣ ረኺቦም ከዕገርግሩ ኪፍትኑ ምዃኖም ክንርድኦ ኣሎና፡፡ ሃጸያውያን ኣመሪካውያንን ናይ ጃንግ ካይ—ሸክ ጉጅለን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርና መታን ገለ ዕግርግር ከመጽእ፡ ብዘይምቁራጽ ምስጢራውያን ሰለይቲ ይሰዱ ኣለው፡፡

ቀሰ ኩሉም እዞም ሕጂ ዘለው ጸረ—ሰውራውያን እንተ ኣውጻእናዮም፡
ሓደስቲ ከቀልቀሉ ይኽእሉ ኢዮም፡፡ ሓለዋና እንተደኺሙ ኣቋሪጽና
ዩ፡ ኣጸቢቕና ከንዕሽን ከንስቀን ኢና፡፡ ጸረ—ሰውራውያን ዕገ
ርግር ኪገብሩ ኣብዘተረከቡሉ በታ ተማሒዖም "ኪወጽኡ ኣለዎም፡፡
ገናኸ ሃገርና ብምሉኣ እንተተወሰደ፡ ብርጉጽ ብዙሓት ጸረ—ሰው
ራውያን የለውን፡ ጌና ክሳብ ሕጂ ኣብ ቺና ብዙሓት ጸረ—ሰውራ
ውያን ኣለው ምብል ጌጋ እዩ፡ ነዚ ኣረኣእያ እዚ ምቕባል ደማ
መወዳእትኡ ብልሽውና ምኻኑ፡፡

## ፫ ናይ ሕርሻዊ ምትሕግጋዝ ሕቶ

ቀጸሪ ናይ ኣብ ገጠራት ዘሎ ህዝብና ልዕሊ ሓሙሽተ ሚ
ልዮን ኢዩ፡ ስለዚ፡ ኩነታት ናይ ገባርን፡ ኣብ ልዕሊ ምዕባሌ
ናይ ኢኮኖሚናን ምድልዳልን ናይ መንግስታዊ ስልጣንናን ኣዝዩ
ዓቢ ተራ ኣለዎ፡፡ ብርኣእያይ እቲ ኩነታት ብመሰረቱ ገርም ኢ
ዩ፡፡ ሕርሻዊ ተራድኦታት ብዓቢ ዓወት ተወዲቦም ኣለው፡ እዚ
ከኣ፡ ነቲ ኣብ ሃገርና ኣብ መንጎ ማሕበርነታዊ ኢንዱስትሪ ነትን
ናይ ገባራይ ውልቃዊ ሕርሻን ዚነበረ ገርጭት ፈቲሑዎ ይርከብ፡፡
እቲ ምትሕልላፍ ናይ ሕርሻ ቀልጢፉ ስለ ዚተወድኣ፡ ንገለ ሰባት
ኣሽቒልዎም ዘይተሓሰበ ነገር ከየጋንፍ ደማ ኣተሓሳሲብዎምን
ነይሩ፡፡ ርግጽ እዩ ጌጋታት ኣለው፡ ገናኸ፡ ብዕዱል፡ ክሳብ
ከንደዚ ጥልቓት ኣይኮኑን፤ ብሓፈሻኡ ደማ እቲ ምንቅስቓስ ጽቡቕ
ይከይድ ኣሎ፡፡ ገባር ብደሊት ይሰርሑ ኣለው፡ ንኣብነት ዓሚ፡
ሽሕ እ፩ ካብ ነዊሕ ዓመታት ዚኸፍአ ውሕጃትን ነቓጽን ምዕባለ
ናይ ንፋስን እንተነበረ፡ ኣብቲ ናይ እኽሊ ምህርቲ ወሰኽ ነይሩ
ኢዩ፡፡ ሕጂ ሓደ ንእቶይ ማዕበል ንኺልዓል ዚተ፩ትኹ ሰባት ኣ
ለው፡— ናይ ተራድኦ ሕርሻ ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ካብ ውልቃዊ ሕር
ሻ ኣይበልጽን ኢዩ ኢናበሉ የጉረምርሙ ኣለው፡፡ ሕርሻዊ ምትሕ
ግጋዝ ዚሓሸ ደ ኣይኮነን ካብዚ ኣብዚ ናይ ሎሚ ኣኼባ ዚተዓደ
ለ ጽሑፋት፡ ነዚ ብዘዕበ እቲ ኣብ ወረዳ ጸንሀቀ ኣብ ኣውራጃ
ሆፔይ ዚርከብ ናይ ዋንግ ከዋ—ፋን ተራድኦ[4] ዚቐረበ ጽሑፍ ን
ኽተንብብዎ ሓሳበይ የቕርብ፡፡ እዚ ተራድኦ እዚ ኣብ ሓደ ከረ
ብታዊ በታ ይርከብ፡፡ ቀደም እቶቶ ውሑዱ ስለዚነበረ፡ ንብዙሕ
ዓመታት ቲጸቢቶ ኣብቲ በታ ህዝባዊ መንግስቲ ዘዕዱል ዚነበረ

ናይ ኣኽሊ ሐገዝ ነበረ:: እቲ ተራድኦ መጀመርታ ብ1953 ምስ
ቆመ: ሰባት ናይ "ለማና ተሪድኦ" ዝብል ስም ሃብዎ:: ገናኽ
ካብ ዓመት ናብ ዓመት እና ተመሓየሸ ከይዱ፣ ሕጂ ድማ: ድሕሪ
ብርቱዕ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ቃልሲ: መብዛሕትኦን ካብተን ስደ
ራቤታት ንመገብን ኣኪሉ ተሪፍወንስ ብዙሕ ኣኽሊ ከዓቕራ ከኣላ::
እዛ ተራድኦ እዚኣ ኪትገብሮ ዝካኣለት: ካልኦት ተራድኦታት እ
ውን ኣብ ተራ ኩነታት ኣብ ማዕረ ወይ ቀረብ ዝነወሐ እዋን ኪ
ገብርኦ ኪኽእሉ ኣለወን ብርግጽ እምበኣርከስ: ሕርሻዊ ምትሕግ
ጋዝ ጽቡቕ ኣይኮነን ንምባል ዋላ ሓንቲ ጭቡጥ ነገር የልቡን::

ተራድኦታት ንምህናጽ ብርቱዕ ቃልሲ ከምዘድሊ እውን ብ
ሩህ ኢዩ:: ሓደስቲ ነገራት ኩሉ ግዜ ኣብ ምዕባዮም ሽግራትን
ዕንቅፋታትን ከሰንፉ ኣለዎም:: ማሕበርነት ምህናጽ: ብዘይ ሽ
ግራትን ዕንቕፋታትን ብርቱዕ ስራሕን ኪመጽእ ዝከኣል ቀሊል ዓ
ወት ኢዩ ኢልካ ምግማት: ሕልሚ ኢዩ::

እቶም ንጡፋት ደገፍቲ ናይ እቲ ተራድኦታት መን እዮም?
እቶም ካብ 70 ካብ ሚእቲ ንሳዕሊ ናይቲ ኣብ ገጠር ዝነብር
ህዝቢ ዝኾኑ: መብዛሕትኦም ድኻታት ገባርን ታሕተዋይ—ማእከሎት
ገባርን:: መብዛሕትኦም ካብቶም ዝተርፉ እውን: ተራድኦታት ብ
ጽቡቕ ንኪከዱ ይተስፈው:: እቶም ናይ ብሓቂ ዘይሕጉሳት ኣዝዮም
ውሑዳት እዮም:: ነዚ ኩነታት እዚ ምትንታን ካብዘይምክኣል ዝ
ነቀለ: ሓያሉ ሰባት ንተራድኦታት ብሓደ ገጽ ሪኦም: ናይቲ ዓ
ወታትን ዕንቀፋትን ናይቲ ተራድኦታትን: መንቀሊ ናይቲ ዕንቀፋ
ትን ሓፈሻዊ መርመራ ከይገበሩ: ሓፈሻዊ ስእሊ ቀሪጾም ኣለው::
ካብዚ ዝተላዕለ: ኣብ መንጎ ገለ ተራድኦታት ካብ ውልቃዊ ሕር
ሻታት ኣይበልጹን እዮም ዝብሉ ሰባት: ሓደ ንእሽቶ ማዕበል ጀ
ሚሩ ኣሎ::

ተራድኦታት ንምድልዳል: ወይ ከኣ ነዚ ብዛዕባ ዘይበልጹ
ምዃኖም ዘሎ መጉተታት ንምውዳእ: ክንደይ ግዜ ኪውስድ እዩ?
ካብ ተመኩሮ ናይ ብዙሓት ተራድኦ ብምፍራድ ምናልባት ሓሙሽተ
ዓመት ወይ ከኣ ካብኡ ቀረብ ንውሕ ዝበለ ግዜ ኪወስድ ኢዩ::
ዕድመ ናይ መብዛሕትኡ ተራድኦታትና ካብ ሓደ ዓመት ቀረብ ንው
ሕ ዝበለ ጥራይ ከም ምዃኑ መጠን: ካብኣቶም ካብ መጠን ንሳዕ
ሊ ምጽባይ ርትዓዊ ኣይኮነን:: ብናተይ ኣረኣእያ: እቶም ተራ
ድኦታት: ኣብቲ ቀዳማይ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ውጥን ተመስሪቶም:

ኣብ ቲ ከልካይ ናይ ሰሙሽተ ዓመት ውጥን ኪዱልዱል እንተደኣ ከ
ኢሉም፡ ጽቡቕ ተከይዱና ማለት እዩ፡፡

ሕጂ ተራድኦታት ኣብ መስርሕ ናይ ደፋእታዊ ምዱልዓል
ይርከቡ፡፡ ግና ከምቶም ኣብ መንጎ እቲ መንግስትን ተራድኦታት
ን፡ ኣብ መንጎ እቲ ተራድኦታትን ኣብ ውሽጢ ተራድኦታትን፡
ዘለው ዚኣመስሉ፡ ብሕጂ ኪፍትሑ ዘለዎም ገርጭታት ኣለው፡፡

ነዞም ገርጭታት እዚኦም ንምፍታሕ ከም መንገዲ መጠን
ንሽግራት ናይ ማእቶትን ምክፍፋልን ዘየቋርጽ ቀልቢ ክንገብረሎም
ኣሉና፡፡ ንኣብነት ንናይ ማእቶት ሕቶ ንውሰድ፡፡ ምስቲ ሰሙር
ሃገራዊ ውጥን ወይ ከኣ ምስቲ ሚሳታቶን ሕጋታቶን ሕንጻጻቶን
ዘይጋጠሙ ስጉምትታት ንኪውሰዱ ፍሉይ ዕዱልን ናጽነትን እናተዋ
ህበ፡ እቲ ናይ ተራድኦ ኢኮኖሚ ኣብ ትሕቲ እቲ ሰሙር ኢኮኖሚ
ያዊ ውጥን መንግስቲ ክከውን ኣለዎ፡፡ ኣብ ርእሲኡ እውን ኣብ
ቲ ንብሕታዊ ጥቕሚ ዚወስደ መረትን፡ ካልእ ንብሕታዊ ምክያዱ
ዚተሓዱገ ኢኮኖሚያዊ ስራሓት ዘውጽእ ቀኑዕ ውጥናት ገዲፍካ ዚ
ኸነ ኣብ ሓደ ተራድኦ ዘሎ ስዱራ ቤት፡ ምስቲ ሓፈሻዊ ውጥን
ናይቲ ተራድኦ ወይ ናይ ማእቶት ጋንትኡ ከሰማማዕ ኣለዎ፡፡
ኣብቲ ናይ ምክፍል እቶት ሕቶ፡ ንረብሓታት ናይ መንግስትን ና
ይቲ ወፈራን፡ ናይቲ ውልቀ ሰብን ኣብ ግምት ከነእቱ ኣሉና፡፡
ነቲ ኣብ መንጎ ናይ መንግስቲ ሕርሻዊ ቀረጽን ናይቲ ተራድኦ
ዱሉብ ገንዘብን፡ ናይ ገበር ገሳዊ እቶትን ዘሎ ስለስተ—መንገዲ
ዝምዱና ብግቡእ ክንሕዞን፡ ኣብ መንጎኦም ንዘሎ ገርጭታት ንምፍ
ታሕ ደማ፡ ኣብ ናይ እንደገና ምምዕራይ ስራሕና ዘየቋርጽ ጥን
ቃቀ ክንገብር ኣሉና፡፡ ምዱሳብ፡ ነቲ መንግስቲ ይኹን ነቲ ተ
ራድኦ ኣዱሳይ ኢዩ፤ ግናኸ፡ ኣብ ከልቲኡ ካብመጠን ንላዕሊ ከ
ከውን ዒብሉን፡፡ ተወፋር ንማእቶት ብሓፈሻ ብምብዛሕ፡ ኣብ ተራ
ዓመታት ኩብ ዓመት ናብ ዓመት ገሳዊ እቶቶም ንኪብዙሑ ብዝከኣ
ለና ክንሕግዞም ኣሉና፡፡

ብዙሓት ሰባት ናብራ ገበር ጸገም ዚመልኦ እዩ ይብሉ፡፡
እዚ ሓቂ ዶዩ? ብሓደ ወገን እወ፡፡ ማለት፡ ሃጸያውያን ወከል
ቶምን ንካብ ሓደ ዘመን ዚበዝሕ ግዜ ስለ ዚጸቕጡናን ዚመዝመዙ
ናን፡ ሃገርና ድኻ እያ፤ በዚ ምኽንያት እዙ ደማ፡ ደረጃ ናብ
ራ ናይ ገበር ጥረይ ዘይኾነስ፡ ሃይ ስራሕተኛታትናን ምሁራትናን
እውን ገና ትሑት እዩ፡፡ ደረጃ ናብራ ናይ ምሉእ ህዝብና ብብ
ስጉምቲ ከነመሓይሽ፡ ብዙሕ ዕስራ—ዓመታት ናይ ብርቱዕ ጻዕሪ

ከዱልዩና ኪዱ፡፡ በዚ ኣረኣእያ እዚ፡ "ጸገም" እታ ቀንዐቲ ቃል እያ፡፡ ብኸልእ ኣረኣእያ ግን፡ ሐቂ ኣይኮነን፡፡ ኣብዚ፡ ሸውዓተ ዓመት ዱሕሪ ሐርነት ኣብ ናብራ ሰራሕተኛታት ጥራይ እምበር፡ ኣብ ናብራ ገባር ምምሕያሽ ኣይተገብረን ዘብል ከቢ ኢና እንጠቅስ ዘሎና፡፡ ናይ ብሓቂ ሐደ ከልተ ገዲፍካ፡ ኣብ ናይ ገባር ኮነ ናይ ሰራሕተኛታት ናብራ፡ ገለ ምምሕያሽ ተጌሩ ኣሎ፡፡ ዱሕሪ ሐርነት፡ ገባር ካብ ናይ መሰፍንቲ ምዝማዝ ሐራ ኮነ፣ ማእቶቶም ደማ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ወሲኩ ኣሎ፡፡ ንኣብነት ኣእካል ንውሰዱ፡፡ ብ1949፡ ናይ ሃገርና ምህርቲ ካብ 210 000 ሚልዩን ኩንታት ቀረብ ብዝሕ ዘበለ ጥራይ ነበረ፡፡ ብ፣ 1956፡ ናብ ልዕሊ 360000 ሚልዩን /ሰለስተ ሚእትን ስሰን ሽሕ ሚልዩን/ ኩንታት በጽሐ፣ እቲ ወሰኽ ጥራይ ጥቓ 150 000 ሚልዩን ኩንታት ተቓሪቡ፡፡ እቲ መንግስታዊ ሕርሻዊ ቀረጽ ብዙሕ ኣይኸነን፣ ካብ 30000 ሚልዩን ኩንታት ኣብ ዓመት ኣይበዝሕን ኢዩ፡፡ መንግስቲ ኣብ ነፍስ—ወከፍ ዓመት ካብ ገባር በቲ ዘሎ ዋጋ እትገዝኦ እከሊ፡ ገለ ቀረብ ካብ 50000 ሚልዩን ኩንታት ንላዕሊ ጥራይ እዩ፡ ዘበጽሕ፡፡ እዞም ክልተ ነገራት እዚኦም ብሓንበብ ተደሚሮም፡ ልዕሊ ሰማንያ ሽሕ ሚልዩን ኩንታት ይኸኑ፡፡ ብተወሰኪ፡ መብዝሕትኡ ካብዚ ኣእካል እዚ፡ እንደገና ናብ ገጠራትን ናብ ዚቀረቡ ሐውሲ ከተማታት ይሽየጥ፡፡ ብቀሊሉ ኪርእ ከምዚካኣል፡ ኣብ መናባብሮ ናይ ገባር ምምሕያሽ ኣይተገብረን ኪብል ዚከኣል ዩልበን፡፡ ነዚ ዚመጽእ ዘሎ ቀረብ ዓመታት፡ ዱሙር ዓመታዊ ናይ ኣእካል ቀረጽ፡ ከምኡ እውን ብመንግስቲ ዚሽመት እከሊ፡ ኣስታት 80000 ሚልዩን ኩንታት ከምዚኸውን ኪንገብርን ቀራረብ ኣሎና፡፡ እዚ ከኣ ሕርሻ ከምዕብልን ተራዱኦታት ደማ ክዱልዱልን ብምባል እዩ፡፡ በዚ መንገዲ እዚ እቶም ቀረብ ኣብ ገጠር ዚርከቡ ገና እኸሊ ዘይብሎም ስዱራቤታት ኪሓልፈሎም እዩ፡፡ ኩሎም ስዱራቤታት ገባር ደማ፡ እቲ ዘሰፍሕ ዘሎ ኢንዱስትሪያዊ ኣእካል ገዲፍካ፡ ዚዕቀር ኣእካል ኪህልዎም እዩ፣ ወይ እንተ ወሓደ፡ ንብዕም ኪክእሉ እዮም፡፡ ዱኸታት ገባር ኣይኪህልውን እዮም// ደረጃ ናብራ ናይ ምሉእ ገባር ደማ፡ ኣብቲ ደረጃ ናብራ ናይ ማእከሎት ገባር ከበጽሕ ወይ ክሓልፍ እዩ፡፡ ስቕ-ኢልካ ናይ ሐደ ገባራይ ዓመታዊ ገምጋም እቶት ምስ ናይ ሰራሕተኛ ኣወዳዲርካ፡ እቲ ሐደ ኣዝዩ ትሑት እቲ ሐደ ከኦ

ኣዝዩ ለዐሊ ኣሉ ዘብል መደምደምታ ምጽማቕ ቅኑዕ ኣይኮነን። ኣተታውንት ናይ ሰራሕተኛታት ካብ ናይ ገበር ኣዝዩ ዘለዓለ ኢዩ፤ ቀጋ ናብራ ናይ ገበር ደማ ካብ ናይ ከተማ ዘለው ሰራሕተኛታት ኣዝዩ ዚተሓተ ኢዩ፤ ስለዚ፡ እቶም ሰራሕተኛታት ብመንግስቲ ፍሉይ ልግሲ ተቀቢሎም ኪበሃል ኣይከኣልን ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ደምዝ ናይ ውሑዳት ሰራሕተኛታት ናይ ገለ ናይ መንግስቲ ሰበ ስልጣናትን ቁረብ በዚሑ ኣሉ። ገበር በዚኣተን ኣንጻርጺሩ ደማ ጠቂ ኣለዎም። ስለዚ፡ ምስ ፍሉይ ኩነታት ብምዝማዱ፡ እንደገና ዚገበእ ምምዕራት ምግባር ኣዱለዩ ኢዩ።

## ፬ ናይ ኢንዱስትሪያውያንን ነጋደን ሕ.ቶ

ብዘዕበ ምቅይያር ማሕበራዊ ስርዓትና እንተረኣና፡ ኣብ 1956፡ ኣብ ርእስቲ ናይ ሕርሻን ኢደ—ስራሕትን ተራዱኦታት ምውዓቡ፡ ብሕቲ ዚውንኑ ዚነበሩ እንዱስትሪያታትን ናይ ንግዱ ቁኒነ—ሀንጸታትን ናብ መንግስትን ብሕትን ባሐበር ዚውንኑ ቀኒነ—ሀንጸታት ተቀየሩ። ቅልጣፈን ልኡምነትን ናይዚ ምቅያር እዚ ምስቲ ናይቲ ኣብ መንጎ ደርቢ ሰራሕተኛታትን ሃገራዊ ቡርጁቀን ዘሉ ገርጭት ከምጠደ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘሉ ገርጭታት ጌርካ ምሒዝና ኣጸቢቑ ዝተዛመደ ኢዩ። እዚ ደርባዊ ገርጭት እዚ ፈጺሙ ተፈቲሑ ኢዩ? ኣይተፈትሐን፡ ገና ኣሉ። ንከፍታሕ ገና ብሃር ግዜ ከወስዱ ኢዩ። እንተኾነ ግን፡ ገለ ሰበት፡ ርእሰማልያውያን ከም ብጧዱሽ ተሃኒጾም እዮም፡ ካብ ሰራሕተኛታት ብዙሕ ዚተፈለዩ ኣይኮኑን፤ ስለዚ፡ ካዚ ንላዕሊ ከምብጧዱሽ ምህናጾም ኣየዱልን ኢዩ ይብሉ። ካልኦት እውን፡ ር/ማላውያን ሎሚ ካብ ሰራሕተኛታት እውን ብቁረብ ይበልጽ እዮም ክበብ ምበል ዘበጽሑ ኣለው። ጋና እውን ካልኦት፤ እንተደኣ ከምብጧዱሽ ምህናጽ ኣዱለዩ ክይኑ፡ ስለምንታይ ደኣ ደርቢ ሰራሕተኛታት ከብዚ ጠራ ኾይኑ? ይብሉ። እዚም ርእዮታት እዚኦም ቅኑዓት ኢዮም? ፈጺሞም ኣይኮኑን።

ኣብቲ ምህናጽ ማሕበርነታዊ ሕ/ሰብ፡ ኩሉ ከምብጧዱሽ ምህናጽ የዱልዩ—እቶም መዝመዝቲ ከነ እቲ ሰራሕተኛ ህዝቢ። መን ኢዩ ንደርቢ ሰራሕተኛታት ኣየዱልዩን ኢዩ ዘብል? ርገጽ እዩ፡ ናይቶም መዝመዝቲ ከምብጧዱሽ ምህናጽ፡ ካብ ናይቲ

ሰራሕተኛ ህዝቢ ዓይነታዊ ፍልልይ ኣሎዎ፣ ክልቲኡ ድማ ኪደናገር የብሉን። ደርቢ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ደርባዊ ቃልሲን ኣንጻር ባህርይ ኣብ ዚገበር ቃልሲን ንገዛእ ርእሱ ንምሉእ ሕ/ሰብን ከምብሓድሽ ይሃንጽ። ደርቢ ሰራሕተኛታት፡ ኣብ ጉዕዞ ስራሑ ብዘይ ምቁራጽ ኪመሃርን ጉድለታቱ ድማ ብብስጉምቲ ከሰንፍን ኣሎዎ። ከምዚ ክብ ምግባር ዓዲ ክውዕል የብሉን። ንኣብነት እዞም ሕጂ ኣብዚ ዘሎና ንውሰድ። ብዙሓት ካባና ኣብ ነፍስ—ወከፍ ዓመት ገለ ምምሕያሽ ንገብር፣ ማለት፡ ኣብ ዓዓመት ብዝያዳ ከምብሓድሽ እናተሃነጽና ንከይድ ኣሎና። ኣነ ንገዛእ ነብሰይ፡ ቀዲመ፡ ኩሉ ዓይነታት ናይ ዘይማርክሳዊ ሓሳባት ነበረኒ ደሓር ጥራይ ኢየ ንማርክስነት ዝፈለጥኩዎን ዝተቐበልክዎን። ሓደ ንእሽቶ ማርክስነት ካብ መጽሓፍቲ ምስ ተማሃርኩ፡ ሓደ ኣፈናዊ ናይ ሓሳባተይ ከምብሓድሽ ምህናጽ ገበርኩ። ቀንዲ ግን፡ ኣብዚ ናይ ብዙሕ ዓመታት ደርባዊ ቃልሲ ብምክፋል ኢየ ከምብሓድሽ ዝተሃነጽኩ። ዝያዳ ምዕባለ ክገብር እንተደኣ ኮይኑ ድማ፡ ከየቋረጽኩ ክመሃር ኣሎኒ፣ እዚ እንተዘይጌረ፡ ንድሕሪት ክተርፍ ኢየ። ር/ማሳውያን ኣዝዮም ዕሩያት ኮይኖምስ ፈጺሞም ከምብሓድሽ ምህናጽ የድልዮምዶ ኢዩ?

ገሊኦም ሰባት ናይ ቺና ብርጁዋዚ፡ ሕጂ ክልተ ጠባያት ዘይኮነስ፡ ሓደ ጠባይ ጥራይ ኢዩ ዘሎዎም ኢሎም ይከትዑ። እዚ ሓቂ ድዩ? ኣይኮነን። ኣባላት ናይቲ ብርጁዋዚ፡ ኣብቲ ናይ መንግስቲ ብሕትን ሃገራዊ ቀነ—ህንጻታት ከም ኣመሓደርቲ ኮይኖም፡ ካብ መዝመዝቲ ናብ ብናይ ገዛእ ርእሶም ዕዩ ዝናበሩ ሰራሕተኛ ህዝቢ እናተቐየሩ እንከለው፡ ገና ካብቲ ኣብቲ ቀነ—ህንጻታት ዘለዎም ርእሰማል ውሱን ወለድ ይቕበሉ ኣለው፣ ማለት፡ ገና ንገዛእ ርእሶም ካብ ሰረውር ናይ ምዝማዝ ኣይበተኹን። ገና ኣብ መንጎኦምን መንጎ ደርቢ ሰራሕተኛታትን፡ ገና ኣብ ስነ—ሓሳብን፡ ስምዒታትን፡ ልምዲ ናይ ናብራን ሓደ ገፊሕ ጋግ ኣሎ። ከመይ ጌርካ ደኣ ኢዩ ባህርኦም ሕጂ ክልተ ወገናት የብሉን ዚብሃል? ቀሳ እቲ ዝኸፈልዎ ዝነበሩ ውሱን ወለድ ምቕባል ምስ ኣቋረጹ፡ እቲ "ብርጁዋ" ዝብል ስም ምስ ለገሰ፡ ገና ንሓያሉ ግዜ ስነ—ሓሳባዊ ምሕጻብ ኪደልዮም ኢዩ። ከምዞም ሰባት እዚኦም ዝብልዎ፡ እቲ ብርጁዋዚ እቲ ክልተ ጠባይ ኣጥፊኡ እንተዝነብር፡ እቶም ር/ማሳውያን ናይ መጽናዕትን ነብሶም እንደገና ምህናጽ ስራሕ ኣይምሃለዎምን ኔሩ።

ኪበሃል ዘሎዎ፡ እዚ ኣረኣእያ እዚ ምስቲ ህሉው ኩነታት ናይ ኢንዱስትሪያውያን፡ ነጋዶን፡ ወይ ከኣ ምስቲ መብዝሕትኦም ዘይልዩዎ ዘይሰማማዕ ኢዩ፡፡ ኣብዚን ዚሓለፉ ውሑዳት ዓመታት፡ መብዝሕትኦም፡ ንከጽንዑ ፍቓደኛታት ከይኖም ዓቢ ምምሕያሽ ጌሮም ኣለው፡፡ ኣብ ጉዕዞ ስራሕ ጥራይ ኢዮም ምሉእ ብምሉእ ከምብሓዱሽ ኪህንጹ ዚከኣሉ፡፡ ነቶም ቀኒነ—ህንጻታት ከምቶም ቀንዲ ከም ብሓዱሽ ዚህነጽሎም በታታት ኪሓስብዎም ኣብቲ ቀኒነ—ህንጻታት ዳማ ምስቶም ኣካያዲትን ሰራሕተኛታትን ሓቢሮም ኪሰርሑ ኣለዎም፡፡ ግን ኣብ ርእሲኡ እውን ንገለ ካብቲ ናይ ቀዳም ኣረኣእያቶም ብመጽናዕቲ ኪቐይርዎ ናይ ግድን ኣድላዪ ኢዩ፡፡ እዚ መጽናዕቲ እዚ ካብ ዱሌት ዚነቀለ ኪኸውን ኣለዎ፡፡ ንቀረብ ስሙናት ኣብቲ ናይ መጽናዕቲ ጋንታታት ዳሕራ ምክፋል ናብቲ ቀኒነ—ህንጻታት ምስ ተመለሱ፡ ብዙሓት ኢንዱስትሪያውያንን ነጋዶን ምስቶም ሰራሕተኛታት ወከልቲ ናይ መንግስቲ ሸርካን ዝያዳ ምርዱዓእ ይህልዎም፤ ስለዚ ዳማ ብሓንሳብ ሓቢሮም ንኪሰርሑ-ዚበለጸ ኩነታት ይፍጠር፡፡ ኣብ ገሳዊ ተመክሮ ንገዛእ ርእሰካ ከምብሓዱሽ ምህናጽ መጽናዕትን ምቅጻል ጽቡቕ ምዃኑ ይፈልጡ፡፡ መጽናዕትና ከምብሓዱሽ ምህናጽን ኣየድልን እዩ ዝብል ሓሳባት፡ ነቲ ርእይቶ ናይቶም ዚበዝሑ ኢንዱስትሪያውያንን ነጋዶን ዘይከነስ ናይቶም ኣዝዮም ውሑዳት ጥራይ ዩንጸባርቕ፡፡

## ፫ ናይ ምሁራት ሕቶ

እቶም ኣብ ሃገርና ኣብ ውሽጢ እቲ ህዝቢ ዘሎ ገርጭታት፡ ኣብ መንጎ እቶም ምሁራት እውን ይገለጹ እዮም፡፡ እቶም ኣብቲ ኣረጊት ሕ/ሰብ ዚሰርሑ ዚነበሩ ሓያሎ ሚሉናት ምሁራት፡ ሕጂ ነዚ ሓዱሽ ሕ/ሰብ የገልግልዎ ኣለው፡፡ እቲ ሕጂ ዚመጽእ ሕቶ ዳማ፡ ከመይ ጌሮም ምስቲ ዱሌት ናይቲ ሓዱሽ ሕ/ሰብ ከምዚልዕሉን፡ ንሕና ከመይ ጌርና ንኪልዕሉ ከም እንሕግዞም እዩ፡፡ እዚ እውን ሓደ ኣብ መንጎ ህዝቢ ዘሎ ገርጭት እዩ፡፡

ኣብዚ ዚሓለፈ ሸውዓተ ዓመታት፡ መብዝሕትኦም ምሁራትና ዓቢ ምዕባለ ጌሮም ኣለው፡፡ ደገፍቲ ናይቲ ማሕበርነታዊ ስርዓት